# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.45 | ሓሙስ 23 ጥቅምቲ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 4
ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ፧


ገጽ 5

ዛንታ - 'ኣደን ውለድን (165-179)'

ገጽ 8
ምጽውዋርን ምሕረትን ዝመለለዩኡ ቅዱስ ተግባር


ገጽ 11
ኮንተ፡ ንዕድጊ ጋንታኡ ነቒፉ



# ደ/ቀ/ባ - ኣብ ትግባረ መደባት ትምህርቲ ተዘትዩ

ኣብ ደብባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ማሰርሒ ትግባረ መደባት ትምህርቲ ንጋብይትን ኣገልግሎት ቅድመ-



ትምህርትን ዘዘኽረ ዘተ፡ ብ21 ጥቅምቲ ኣብ ዓሰብ ተኻዪዱ።

ኣቦ'ቲ ሓለፍቲ ክፍልታት፡ ህግደፍ፡ ማሕበራት፡ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታትን ኣብያተ-ትምህርትን ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ኣምባሳደር መሓመድ-ስዒድ ማንታይ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ትምህርቲ ንኹሉ ዘርብሕ ስለዝኾነ፡ ኩሉ ኣካል ንዕብየቱን ብቕዓቱን ብማዕረ ሓላፍነት ክስከም ከምዝግባእ ብምጥቃስ፡ እቲ ዘተ ክካየድ ንዝጸንሐ ንጥፈታትን ተበግሶታትን ዘሰጉም ሓሳባት ንኽርከቡ፡ ተራን ኣበርክቶን ተሳተፍቲ ክዓዝዝ ተላቢዩ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር ፍስሃየ ኪዳን ብወገኑ፡ ንህጻናት ኣብ ግቡእ ዕድመኦም ኣብ ትምህርቲ ምስታፍን ናይ ትምህርቲ ዕድል ኣብ ቀረባ ብዘይምርካቦም ዕድመኦም ንዝሓለፈ መማህራን ከምዝተጥፍኡ ምግባር ቀዳምነት ዝወሃቦ ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ሓላፊ ኣሃዱ መሰረታዊ ትምህርቲ መምህር ኸሊል ዐሶማን ብወገኑ፡ ኣብ ትግባረ መደባት ትምህርቲ ንጋብይትን ኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርትን ንዘበረ ብልጫታትን ድኽመታትን ከምኡ'ውን ዝተጠርየ ተመኩሮን ኣመልኪቱ ኣብ ዘቕረቦ ጽሑፍ፡ መደብ ትምህርቲ ንጋብይቲ ኣብ'ቲ ዞባ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 1995/1996 ኣብ ክልተ ንኡስ ዞባታት ኣብ 5 መማሃሪ ኑቑጣታት ብ102 ተመሃሮ ከምዝጀመረ፡ ሎሚ ግን ኣብ 76 ዓድታት ኣስታት 31 ሽሕ ዜጋታት ተጠቂሞሙሉ ከምዘለዉ፡ ክብረት ጎስታትን እንተኾነ ተሳታፍነት ደቂ ተባዕትዮ ኣዝዩ ትሑት ምዃኑ ኣብሪሁ።

ንኣገልግሎት ቅድመ-ትምህርቲ ብዝምልከት ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ፡ ኣብ ዕድመ 4ን 5ን ዓመት ዝበጽሑ ቆልዑ ተቐቢለን ዘምህራ 23 ትካላት ከምዝነበራ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ንምስፍሑ ብዝተወሰደ ተበግሶ ድማ ኣስታት 2,200 ቆልዑ ዝቐበላ 76 ኑቑጣታት ቅድመ-ትምህርቲ ተዳልየን ከምዘለዋ ተገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ምጥፋእ መሃይምነት ክንዮ ምጽሓፍን ምንባብን፡ ብዛዕባ ኣገዳስነት ትምህርቲ ግንዛቤ ንምፍጣር ዝለዎ ተራ ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ኣብ ብቕዓትን ምዕሩይነትን ዝወሃብ ኣገልግሎት ዕቱብ ክትትል ክግበር፡ ኣብ ቅድመ-ትምህርቲ ተረጋጊጹ ዘሎ ዕብየት መሰሉ ንኽበርኽ ድማ ብወሃደት ክስራሕ ዝርርቦ ለበዋታት ኣቕሪቦም።



# ብዝሒ ናብ ኮለጃት ዝሓልፉ ተመሃሮ ክብ ንምባል ይስራሕ ኣሎ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ወጽኢት ትምህርቲ ብምሕያል ብዝሒ ናብ ኮለጃት ዝሓልፉ ተመሃሮ ክብ ንምባል ብወሃደት ይስራሕ ከምዘሎ፡ ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ - ሓላፊ ኣሃዱ ምክትታል ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ መምህር የውሃንስ ሰለሙን ሓቢሩ።

ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት፡ ናይ ዲግሪን ዲፕሎማን ነጥቢ ናይ ዘምጽኡ ተመሃሮ መጠን እናተመሓየሸ ከምዝመጸ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2022/2023 ኣስታት 2,550 ዝነበረ፡ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ናብ 2,649፣ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ድማ ናብ 2,703 ከምዝዓበየ ገሊጹ።


ስእሊ-ዙቢር ስዒድ

ኣብ ሃገራዊ መርመራ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/25፡ 1,788 ማለት 22.2 ሚእታዊት ናይ ዲግሪ፡ 915 ማለት 11.3 ሚእታዊት ድማ ናይ ዲፕሎማ ነጥቢ ከምዘምጽኡ ዝጠቐሰ መምህር የውሃንስ፡ ካብኦም ብደረጃ ሃገር ምሉእ 4 ነጥቢ ዘምጽኡ 334 ተመሃሮ፡ እዮም 227 ማለት 68 ሚእታዊት ካብ ዞባ ማእከል ከምዝኾኑ ኣብሪሁ።

እዚ ወጽኢት ዚያዳ ንምብራኽ፡ ሎሚ-ዘበን ንተመሃሮ ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዜኦም ተወሳኺ ትምህርታዊ ሓገዝ ከምዝግበር'ውን ኣረዲኡ።

ብዝሒ ኣብ ሃገራዊ መርመራ ዝሳተፉ ተመሃሮ'ውን ይውስኽ ምህላዉ ብምግላጽ፡ ኣብ



ዓመተ-ትምህርቲ 2022/23 ኣስታት 6,100 ዝነበረ ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 2024/2025 ናብ 56 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 8,066 ከምዝዓበየ ሓቢሩ።

ናይ ካልኣይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ንበሉጻት ተመሃሮኣን ንምሽላም ዘካይድኦ ንጥፈታት፡ ኣብ ተመሃሮ ቅዱስ ቅንእን ጽልዋን ዘሕድር ብምዃኑ፡ ብዝለዓለ ከምዝድፋኣሉ ኣሕጺሩ።

## መልእኽቲ ሚኒስትሪ ጥዕና

### ንውሑስ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ዝምልከት

1. ብዛዕባ መድሃኒትና፡ ኣፍልጦ ይሃልወና!

ብዛዕባ መድሃኒትና፥ ስሙ እንታይ ከም ዝበሃልን ንምንታይ ከም ዝጠቅምን፥ ብኸመይ፥ ክንደይ ዓቐን፥ መኣስን ንኽንደይ እዋንን ይውሰድ ክፍለጡ ዘለዎም ኣገደስቲ ሓበሬታታትዮም። ከምኡ'ውን መድሃኒት ክስዕቦም ዝኽእል ጉናዊ-ሳዕቤናት፥ ክንገብሮም ዝግብኡ ጥንቃቐታት፥ መድሃኒት ምስ መግቢ፥ ማስተን ካልኦት መድሃኒትን ዘለዎ ስምምዕን ኣፍልጦ ክህልወና ይግባእ። ስለዚ፥ ብዛዕባ መድሃኒትና ንሕተትን ንፍለጥን፤ ብዓል ሞያ ጥዕና ዝህቦ ኩሉ ሓበሬታን መምርሒታትን ብጥንቑቕ ንረድኦን ነተግብሮን።

## መንደፈራ - ንኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ኣስተምህሮ ተዋሂቡ

ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፥ ኣፍልጦ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ኣብ ሕጊ ዕዮን ግዝኣራዊ ኣሰራርሓኡን ክብ ንምባል ዝዓለመ ኣስተምህሮ፡ ብ19 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ መንደፈራ ወሃበ።

ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ገብርኤል ካሕሳይ፥ እቲ ዕላማ ኣፍልጦ ኣበርኽቶ ግቡኣትን መሰላትን ብምንጻር ጥዑይ ሃዋህው ስራሕ ንምርግጋጽን ኣፍራይነት ክብ ንምባልን ከምዝኾነ ገለጸ።

ሓላፊ ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃይለ ጉብረሚካኤል ብወገኑ፥ ተመሳሳሊ ኣኼባት ብደረጃ ዞባ ይካየድ'ኳ እንተነበረ ስሩዕነትን ቀጻልነትን ከምዝይነበሮ ብምሕባር፡ ንዚያዳ ኣድማዕነት ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ብስሩዕ ንኽካየድ መደብ ወጺኡ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ መንደፈራ ኣቶ ህዝቅያስ ወሃበት፡ ንኣገዳስነት ናይ'ቲ ኣስተምህሮ ብምጥቃስ፥ ፍርቂ ሕብረተሰብ ዝኾኑን ደርቢ ሓለፍቲ ዝተሰከማን ደቀኣንስትዮ፥ ኣድላዪ ደገፍ ክግበረለን ተላብዩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ቤት-ጽሕፈት ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ንኡስ ዞባ መንደፈራ፥ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም ከምኡ'ውን ንጽገማት ተመዛሪ፡ ንዓመት ዘገልግሎም ናውቲ ትምህርቲ ብሓገዝ ኣበርኪቱ።

## ከረን - ምእጋድ ምትኻኽ ሽጋራ ውጽኢት ተረኺቡዎ



ኣብ ከተማ ከረን፥ ምትኻኽ ሽጋራ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ንምኽልካል ዝወጸ መምርሒ ንምትግባር ዝተኻየደ ዘሎ ቀጻሊ ምክትታልን ኸሰሳን ዝምስገን ውጽኢት ደርኪቡ ከምዘሎ፥ ነበርቲ ሓቢሮም።

ኣብ ኩሉ ቦታታት ብሓፈሻ፥ ኣብ ትካላት ወሃብቲ ኣገልግሎት ድማ ብፍላይ ምትካኽ ሽጋራ ኣዝዩ ጽቡቕ ምህላዉ ዝገለጹ'ቶም ወሃብቲ ርእይቶ፥ ቀጻልነቱ ንኽረጋገጽ ናይ ኩሎም ኣካላት ምትሕብባር ከምዘድሊ ኣገንዚቦም።

ኣብ ገለ ቦታታትን ትካላትን ብውሑድ መጠን ዝርአ ምትካኽ ሽጋራ ደው ንምባል ስጉምቲ ክውሰድ ብምዝኽኻር፥ ወነንቲ ትካላት ንጥዕና ብምቕዳም፥ ብዘወጸ መምርሒ ተቐዲዶም ንጥፈታቶም ክስላስሉ ጸዊዖም።

ኣብ ምምሕዳር ከተማ ከረን ሓላፊ ሕግን ስርዓትን ኣቶ ክብርኣብ እንድርያስ ብወገኑ፥ ተጠቃሚት ትንባኾ ኣብ ህዝባዊ ቦታታትን ትካላትን ንምእጋድ ንዝወጸ ኣዋጅ ብምጥቃስ፥ ኣብ 2023 ብደረጃ ዞባ ዓንሰባ ኮሚቲ ብምቛም ንትግበረኡ ብዕቱብ ይሰርሕ ከምዘሎን ትሰፋው ምኽኑን ብምጥቃስ፥ መምርሒታት ዝጠሓሱ 12 ወሃብቲ ኣገልግሎት ትካላትን 10 ደኳናትን ከምእተዓጽዉ ሓቢሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ምብራኽ ኣፍልጦ ውሒ ምኽኑ ዝገለጸ ኣቶ ክብርኣብ፥ ብፍላይ ንትሕቲ ዕድመ ሽጋራ ምሻጥን ምልኣኽን ከቢድ ሳዕቤን ስለዘለዎ፥ ሰብ ትካላት ክጥንቀቑ፥ ሕብረተሰብውን ተርኡ ክጻወት ተላብዩ።

ብደረጃ ዓለም ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 6 ካልኢት ሓደ ሰብ፥ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት ድማ ኣስታት 8 ሚልዮን ሰባት ብሰንኪ ፍርያት ትንባኾ ከምዝሞቱ መጽናዕታት የረጋግጹ።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ
ቀ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር
ቀ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቀ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቀ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቀ.ስ 125013 - ቀ.ሳ.ጾ. 1284

## ደ/ቀ/ባሕሪ - ጽጉማት ስድራቤታት ብዓይነት ተጣዩሰን

ጨንፈር ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ 600 ሽሕ ናቕፋ ወጻኢ ብምግባር ጽጉማት ስድራቤታት ብዓይነት ኣጣዩሰ።

በቲ ኣብ ሰለስተ ንኡሳን ዞባታት ዝተኻየደ ናይ ምጥያስ መደብ፥ ብድምር 60 ስድራቤታት ተጠቂመን ከምዝኾና፡ ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ድሕነት ኣቶ ተስፋማርያም በርሀ ገሊጹ።

ጽጉማት ወገናት ኣለሊኻ በብደረጃኡ ምሕጋዝ ካብ ቀንዲ ዕማማቶም ከምዝኾነ ብምጥቃስ፥ እተን ብምምሕዳራት ንኡስ ዞባ ዝተለለያ ስድራቤታት፥ 31 ብጥሪት፥ 16 ብንኡስ ንግዲ፥ 4 ብሰለስተ ዝኣገረን ዓረብያ፥ 9 ድማ ብመዘሓሊ ፍርጅ ከምእተጣየሳ ኣረዲኡ።

ኣቶ ተስፋማርያም ኣብ መወዳእታ፥ ተጣየስቲ ነቲ ደገፍ ብዝግባእ ተጠቒመን መነባብሮአን ክመሓይሻ ብምልባው፥ ተመሳሳሊ ናይ ምጥያስ መደብ ከምዝቕጽል ሓቢሩ።



## ናቕፋ - ኣብ ማሬት ንጥፈታት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ይሰላሰል ኣሎ

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ማሬት - ንኡስ ዞባ ናቕፋ፥ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ምጽጋን ናይ ሓመድ ጸርግያታትን ዝተኩረ ኣድማዒ ንጥፈታት የሰላስሉ ኣለዉ።

እቲ መደብ፥ ካብ ወርሒ መስከረም ጀሚሩ መዓልታዊ ብዙሳትፎ 300 ሰባት ይትግበር ከምዘሎ ዝገለጹ ወፋሮ፥ ኣብ ምርጋእ ኣከባብን ምህብታም ትሕተ-ባይታዊ ማይን ዝህልዎ ኣበርክቶ ቀሊል ስለዘይኮነ፥ ብዝለዓለ ከምዝቐጽልዎ ኣረጋጊጾም።

እቲ መደብ፥ መቐጸልታ ናይ'ቲ ዓመታዊ ዝካየድ ልምዓታዊ መደባት ከምዝኾነ ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ ሓምድ ሑመድ ብወገኑ፥ ብውሕጅ ዝተባሕጎ መሬት ምፍዋስን ዝተበላሸወ ጸርግያታት ምጽጋንን ዘጠቓልል ስራሕ ይዓሙ ከምዘለዉ ኣብሪሁ።

ካብ ከተማ ናቕፋ ንሸነኽ ምዕራብ 25 ኪሎ-ሜተር ርሒቑ ዝርከብ ምምሕዳር ከባቢ ማሬት፥ ልዕሊ 5 ሽሕ ነበርቲ ኣለውዎ።

ብኻልእ ወገኑ ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ማሕበር ደቂኣንስትዮ ኤርትራ (ሃማደኤ) ኣብ ንኡስ ዞባ ናቕፋ ንሓድሽ ኣዋርሕ ብሞያ ሲንጀር ዘሰልጠነን 39 ደቀኣንስትዮ፥ ብ15 ጥቅምቲ ኣመረቐ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፥ ሓላፊት ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ወ/ሮ ሪዳት ዑስማን ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፥ እቲ ስልጠና ኣካል ናይ'ቲ ሃማደኤ ሞያዊ ዓቕሚ ደቀኣንስትዮ ክብ ብምባል ኣፍራይነተን ንምዕባይ ዝካየድ ጻዕሪ ከምዝኾነ ብምብራህ፥ ደሮ 15 ካብ ሰልጠንቲ ብሞያአን ስራሕ ጀሚረን ከምዘለዋ ኣረዲኣ።

ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ጅምዓ ሪካ ድማ፥ ነቲ መደብ ንምዕዋት ንዘጻዓሩ - ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ናቕፋን ጨንፈር ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ድሕሪ ምምስጋን፥ ተመሳሳሊ መደባት ኣብ ካልኦት ንኡሳን ዞባታት ንምክያድ ወጥን ከምዘሎ ኣፍሊጣ።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:05 | ደርፊ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ተክኡ-ኢንሳይት |
| 15:00 | ዶክመንታሪ |
| 16:00 | ፓናሮማ |
| 16:25 | መደብ ናትራን 1ይ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:18 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | መደብ ናትራን 2ይ |
| 19:21 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም ክብረት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ደርፊ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፊልም እትመት |

# ቁጠባን ዋኒንን

ተሰፊት ሓጉስ

## ሽልማት ኖበል ኣብ ዓውዲ ስነቑጠባ

ናይ 2025 ሽልማት ኖበል ብዓውዲ ስነቑጠባ፡ ጆኤል ሞክረ፡ ፊሊፕ ኣግዮን፡ ፒተር ሃዊት ንዝበሃሉ ሰለስተ ስነቑጠብኛታት ኣብ ምህዞን ቁጠባዊ ዕብየትን ስለዘተኮሩ ፈላሚ ዕዮ ተዋሂብ ኣሎ። እቲ ዘተኮርዎ መጽናዕቲ፡ ስነቑጠብኛታት ኣብ ብልጽግና ሕብረተሰብ ከም ሞተር ኮይኖም ይደርኹ ኣብ ዝበሃሉ ረቛሕቲ ንዘሎ መረዳእታ ዝልውጥ'ዩ። እቲ ለዋጢ ዕዮኦም፡ ኣብ ነዊሕ እዋን ዝርአ ምዕባለ ኣብ ህጹጽ ትካላት ወይ ርእሰማል ጥራይ ዘይኮነ ዝምርኮስ ኣብ ሓይሊ ናይ ሓሳባት'ውን ከምዝርከስ ዘርኢ እዩ። ካብዞም ሰለስተ ተሸለምቲ፡ ጆኤል ሞክረ ፍሉይ ኣፍልጦ ከምዝዋሃቦ ገለ ፈለጣት ናይቲ ዓውዲ ይጠቕሱ። ኣብዚ እዋን ዓቢላ ኮይኑ ኣብ ዘሎ ደንበ ስነቑጠብ (መይንስትሪም ኢኮኖሚክስ) ካብ ዘለዉ ስነቑጠብኛታት፡ ወሳንነት ሓሳባት ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት ከምኡ'ውን ታሪኽ ብልጽግና ደቂሱ ብምስራቱ ታሪኽ ናይ ዝተለወጠ እምነት ንምዕባለ ምኽንያት ንምብራህ ልዕሊ ሞክረ ዝሰርሐ የለን።

### ጆኤል ሞክረ ናይ ሓሳባትን ዕብየትን ጸሓፊ-ታሪኽ

ጆኤል ሞክረ ንቑጠባዊ ታሪኽን ዘመናዊ ክልሰ-ሓሳብ ቁጠባዊ ዕብየትን ዘሳግብ ድንድል ንምስራሕ ንሰፊሕ ኣብ ስራሕ ዝተጸምደ ሊቅ'ዩ። 'እቲ ንቑሕ ቁጠባ' ከምኡ'ውን 'ባህሊ ናይ ዕብየት' ኣብ ዝርእስቱ መጻሕፍ ኣብ ዘመናዊ ምዕባለ ዝተረኽየ ብልጽግና ብቐንዱ ብባህላዊ ሰውራ ማለት ብምልዕዓል ናይ ምዕባለ ሓሳብ ዝተጸልወ ምኽንያት ይምጉት። ሞክረ ኤውሮጳ ንዝበራ ልምዲ ክትፍትሸን ብሓያሉ ሓሳባት ክትፍትንን ድሌት ወይ ቅሩብነት ምርኣያ ንሓድሕዱ ዝመላላእ ናይ ምህዞ ዑደት ከምዝፈጠረላ ይገልጽ። ሃለዋት ቻይና ግና ብኣንጻሩ ዝበራ ተክኖሎጂያዊ ምርቓቕ፡ ፈተነን ምርምርን ካብ ምኺያድ ንላዕሊ ንወህደትን ቀጻልነትን ዘቖደም ኣገባብ ብምምራጻ ንዋሕ እዋን ኣብ ምህዞ ተማታኢ መርገጺ ክትሕዝ ዘበራ'ዩ።

ሞክረ ናይ ምዕባለ ሓሳባት ረቛሒትን ሚሳላውያንን ከምዝዩኖ ይገልጽ። ብቲ ዘማዕበሎ ዓሚቕ ኣስተብህሎ ደማ ሓሳባት ናይ ለውጢ ሞተረ ምኽንያም ይገልጽ። ሓደ ሕብረተሰብ፡ ምምዕባልን ምርቓቕን ናይ ፍልጠት ዝኮኣልን ዝዮቐን እዩ ዝበል እምነት ሓንጎል ኣካል ህይወቱ ምስገበር፡ እቲ እምነት ንቑጠባዊ ምዕባለ ወሓሉ ዝዑብር ናይ ሰምምር፡ ምሕሳብን ምምርማርን መቓን ዘፈጥር ምኽንያት ይገልጽ። ሞክረ ዘማዕበሎ ክልሰ-ሓሳባት፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውዲ ብዘተኻኘደ ግብራዊ መጽናዕቲ ዝተረጋገጸ ኮይኑ ኣብ ምዕባለ ምእማን ቅድሚ ተክኖሎጂያዊ ይሽን ትካላዊ ዲናሚያውነት ይመጽእ ዝበል ኣረኣእያ ዘራጉድ'ዩ።

### ኣገዳሲ ዝበሃ ትካላት ኣዳናት እዮን

ብዙሓት ስነቑጠብኛታት 'ትካላት' ክብሉ እንከለዉ ብልክዕ ንኣዳናት ትካላት የመልክቱ ምህላዎም ንጹር ኣይኮነን። ሓደ ካብ ናይ ሞክረ ፍሉይነትን ኣቓልቦ ከምዝስሕብ ዝገበርን ከኣ ኣብዚ መዳይ ዘለዎ ንጹርነት'ዩ። ሞክረ ንኢንዱስትርያዊ ምዕባለ ኣዝዩን ኣገዳሲ ዝብሎን ትካላት መብዛሕትኡን ብሕታውያን ትካላት እዮን። እተን ተጠቀስቲ ደማ ስርዓት ምምልማል ክእለት፡ ጥንኪታት፡ ናይ ሞያውያን ውዳበታት፡ ኣካዳምያ ከምኡ'ውን መርበባት ጥበበኛታትን ሓሳቢትን እዮን። እዘን ትካላት ግብራዊ ፍልጠት ዝሽሰኩሉ፡ ምልውዋጥ ፍልጠት ዘተባብዖን ንስፍልጠት ምስ ግብሪ ዘተኣሳስራን ብምኳነን ደማ ኣገዳስቲ ይጉብርን።

እዚ ኣረኣእያ፡ ኑቲ ንተራ ወሞያውያን ትካላት መንግስቲ፡ ምሒር ዘኩልሕን ኣተኩሮ ዝህብን ኣረኣእያ ዝከራኸር'ዩ። ሞክረ ምህዞ ናይ ወለንታውያን ማሕበራትን ብሕታዊ ምትሕግጋዝን ጽዑቕ መርበብ ኣብ ዘለዎ ኩነት ከምኡ'ውን ህንጡይነት (ኸዩውሪኦስቲ)ን ፈተነን ሞሳ ኣብ ዝረኽበሉ ቦታ ከም ዘኩላዕልዕ የብርህ። ብኣመለኻኽታ ሞክረ ምዕባለ ብውልቀሰባት ከምኡ'ውን ፍልጠት ንኽኑታት ደቂሱብ ከመሓይሽ ከምዝኽእል ብዘኣምና ትካላት እዩ ተሃኒጹ።

ስፍልጠት፡ ተክኖሎጂ፡ መሰረት ፍልጠት

ካልእ ዓቢ ኣበርክቶ ናይ ሞክረ ኣብ ዝምድና ስፍልጠትን ተክኖሎጂን ዘተኩር'ዩ። ኢንዱስትርያዊ ሰውራ፡ ኤውሮጳ ንስፍልጠት ዝሽውን ሰረተ-ፍልጠት ማለት ሰባት ብልሓት ብዘለዎ ሜላ ንተክኖሎጂ ከመሓይሽዎን ከጸንዕዎን ዘኽእል ናይ ፍልጠት መሰረት ስለዘማዕበለት ሰቕ ኢሉ ኣይሃሰሰን። ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ኣብ ዝፈለመሉ እዋን ብዘርም መልክዑ ስፍልጠት ብዙሕ ኣገዳሲት ኣይነበረን። ምኽንያቱ መብዛሕትኡ ምህዞታት ቅድሚ'ቲ ስፍልጠታዊ መግለጺታት ዝማዕበለ ብምንባሩ። ኮይኑ ግና እታ ናይ ፍልጠት መሰረት ክትሃንጽ ዝኽኣለት ኤውሮጳ ስፍልጠት ኑቲ ተክኖሎጂታት ክትርዳእ፡ ከተዋሕልልን ከተስፋሕን ዘኽእል ኣእምሮኣዊ ንዋት ሂቡዋ'ዩ።

ብናይ ሞክረ ኣረኣእያ፡ መብዛሕትኡ እዋን ስፍልጠት ካብ ተክኖሎጂ ድሕር ኢሉ ዝስዕብ'ዩ። ሰባት፡ ፈለማ ናውቲ ይሰርሑ ብድሕሪኡ ከኣ ኑቲ ዝሰርሕዎ ይርድእዎ። እንተኾነ ናይ ምምርማርን ፍልጠትን ባህሊ ዘማዕበሉ ሕብረተሰባት ንምህዞ ቀጻሊ ናብ ዘኾነ ናይ ምምሕያሽ ዛራ ንምልዋጡ ዝሓሸ ቀመና ኣለዎም። እዚ ከኣ ኣብ ክንዲ ንግዜኡ ዝዋርግ ኣፍራይነት ቀጻሊ ዝኾነ ምህዞ ከተባብዑ ንዘይልዩ ሃንደስቲ ፖሊሲ ወሳኒ መረዳእታ'ዩ።

### ሰብኣዊ ጸ (ርእሰማል)ን ንፍልጠት ኣብ ግብሪ ምውዓልን

ካልእ ሞክረ ብንጹር ዘመልከቶ ጉዳይ፡ ኣብ መንጎ ትምህርትን ሰብኣዊ ጸጋን ኣሎ ዝበሎ ፍልልይ እዩ። ትምህርቲ ንሱዕ ኣገባብ ምምሃር (ምድላብ ፍልጠትን ክእለትን) ዝምልከት ክኸውን እንከሎ ሰብኣዊ ርእሰማል ግና ንፍልጠት ኣፍሪዱ ብዘኾነ ኣገባብ ክትጥቀመሉ ምኽኣል ዘመልክት ምኽንያቱ የብርህ። ኣብ እዋን ኢንዱስትርያዊ ሰውራ፡ እቲ ንደሴታት ዘጠቓልል መሬታዊ ክፍሊ ኤውሮጳ (ኮንቲነንታል ዩሩፕ) ዝያዳ ዝሰልጠኑ መሃንድሳትን ዝተማህሩ ሰራሕተኛታትን ዝበርዎ ክሽውን ዝኽእል'ኳ እንተነበረ እንግሊዝ ግና ንፍልጠት ግብራዊ ናብ ዝኾነ ወጽኢት ኣብ ምቕያር ካብዞን ካልኦት ሃገራት ኤውሮጳ ብልጫ ኣርኣየት። እንግሊዛውያን ኢደ-ጥበበኛታት፡ መካኒክን ሉሓምትን ምህዞታት ኣብ ምውሕላልን ናብ ዕዳጋ ኣብ ምቕራብን ክኢላታት ነበሩ።

ኣብ ከርሲ ኤውሮጳ ዘማዕበለ ሓያለይ ምህዞታት ደማ ኣብታ ተክኖሎጂ ብኣድማዕነት ዘስፋሕፋሓ ዝበረት ዓባይ ብርጣንያ ዕዳጋ ረኸቡ። ትዕዝብቲ ሞክረ እታ ንተክኖሎጂ ዝበለጸ ከምኡ'ውን ዝርግሐ ከምዝህልዎ ትገብር ሃገር ዝለዓለ ረብሓ ከምትሓፍስ'ዩ። እዚ መረዳእታ፡ ጀፍሪ ዲንግ ዝተባህለ ስነቑጠብኛ ኣብ ዘካየዶ መጽናዕቲ'ውን ዝተረጋገጸ'ዩ። ጀፍሪ ዘካየዶ መጽናዕቲ፡ ካብ ምህዞ ናይ ዝርከብ መኽሰብ ተጠቀምቲ ኣዳናት ሕብረተሰብ ከምዝኾኑ ኣብ ምውሳን ተክኖሎጂያዊ ዝርግሐ ወሳኒ ረቛሒ ምኽንያቱ ዘርኢ'ዩ።

### ክልተ መገድታት ብልጽግና

ሞክረ ምስ ብጾቱ ብሓባር ኣብ ዘዳለዎ 'ክልተ መገድታት ብልጽግና' ዘርእስቱ መጽሓፍ፡ ኑቲ ንቑጠባዊ ምዕባለ ብዘተዋግዱ መጽናዕቲ ዘርኢ መቓኑ ቀጺልዎ ይርከብ። እታ መጽሓፍ፡ ኤውሮጳ ክንዮ ቤተሰባዊ ዝደናገታት (ደም) ንዝሽይድ ምድግጋፍ ዘሳለጣ ዘይወገናውያን (ኢምፐርሶናል) ትካላት ክትፈጥር ብምኽኣላ ዕብየታ ክዉን ከምዝኾነ'ያ ተርኢ። ናይ ቻይና ዕብየት ከኣ ብኣንጻሩ በዞን ኣብ ዝምድና ዘተኩራ ትካላት ማለት ኣብ ብኞዓት ካብ ዘተኩር ምትሕግጋዝ ንላዕሊ ንስድራቤታውን እንዳውን ምትእስሳር ሓለፋ ዝህባ ትካላት ከምዝተሓለኸ ትገልጽ። እዚ መዋቕር ከኣ ንመጠን ምኺያድ ዋኒን ዝደረተን ንዝርግሐ ሓያስቲ ሓሳባት ዝሓኩል ዝበረን እዩ።

እዚ ምጉት ምስ ዘመናዊ ፖሊሲ'ውን እንተኾነ ንጹር ምትእስሳር ዘለዎ'ዩ። ናይ ምህዞ ፖሊሲ ናይ ወፍርን ትምህርትን ጉዳይ ጥራይ ክንዲ ዝፈትሕ ክፉትነት ናይ ማሕበራዊ መሰረታት'ውን ክፈትሕ ኣለዎ። እምነት፡ ብቐዓት (መሪት) ከምኡ'ውን ዘይወገናዊ ምትሕግጋዝ ዘተባብዕ ሕብረተሰብ ቀጻልነት ምህዞ ከውሕስ ዝኽእል ሕብረተሰብ'ዩ።

### ፊሊፕ ኣግዮንን ፒተር ሃዊትን፡ ምትእስሳር ርእሰማልን ምህዞን

ፊሊፕ ኣግዮንን ፒተር ሃዊትን'ውን ማዕረ ማዕረኡ ኣደናቖት ዝዀብኦም ሓሳብ፡ እዮም። ሓሳቦም ንቑጠባዊ ዕብየት ብኸመይ ክንርእዮ ከምዝዮቦኦ ዝጸለወ'ዩ። ዕዮኦም፡ ኣብ መንጎ ምኽዕባት ርእሰማልን ምህዞን ንዘሎ ምትእስሳር ዘሁብተመ'ዩ። ናይ ጆሰፍ ሹምፒተር ሓሳብ መሰረት ብምግባር ደማ ቁጠባዊ ዕብየት ዋኒንተኛታት ብምህዞ ኣበሎም ካብ መወዳድርቶም ንምምላጥን ብልጫ ንምፍጣርን ካብ ዘካይድዎ ፈጠራዊ ዕንወት ከምዝምንጩ ይምጉቱ። በቲ ዘማዕበልዎ ሹምፒተርያዊ ሞዴል ቁጠባዊ ዕብየት ኣበሎም ደማ ምኽዕባት ርእሰማል ክንጹ ምዕባይ ፍርያት ዝሽይድ ተራ ማለት ንምርምር፡ ፈተነን 'ፈጠራዊ-ዕንወት'ን ብምምዋል ንምህዞ ከምዝተባብዕ ዘርኣዩ እዮም።

ናይ ኣግዮንን ሃዊትን ሞዴል፡ ኑቲ ትካላት ዋኒን ዘካይድኦ ወፍሪ ውድድር ከምኡ'ውን ብመገዲ ተክኖሎጂያዊ ገስጋስ ንሓድሕደን ዝተኻኻኣሉ ዲናሚያዊ መስርሕ ዝሓቑፈ'ዩ። እዚ መቓኑ ታሪኻዊ ንዘኾነ ዕዮ ሞክረ ክልሰ-ሓሳባዊ መሰረት ዝሁብ ኮይኑ ምህዞ ኣብ መንጎ ወፍሪ፡ ፍልጠትን እምነት ኣብ ምዕባለን ብዘርኢ ቀጻሊ ምድርራኽ ዝውሓስ ቁጠባውን ባህላውን መስርሕ ምኽንያቱ ብግብሪ ዘጸረ'ዩ።

### ሃንደስቲ ፖሊሲ ስለምንታይ ክሰምዑ ኣለዎም

ስርሓት ጆኤል ሞክረ ኣብ ኣካዳምያ ንዘሎ ደረት ዝሰገረ'ዩ። ንሱ፡ ፈላጥ ቁጠባዊ ታሪኽ ጥራይ ዘይኮነስ ልዕለኡ'ዩ። ሞክረ ኣብ ስልጣኔ ኑቲ ዝሓየለ ዝበሃል ሓሳብ ናይ ስልጣኔ ማለት ምዕባለ ዝኮኣል፡ ፍልጠት ድማ ኩነታት ደቂሱብ ዘመሓይሽ ምኽንያት ዝገለጸ'ዩ። መግለጺኡ፡ ሰራውር ብልጽግና ኣብ ዕዳጋታት ወይ ማሽናት ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኩነት-ኣእምሮ'ውን ከምዝምርከስ ዘርኢ እዩ።

ኣብ ተሓደሶ ዝበረ እምነት ኣብ ምዕባለ፡ ህንጡይነትን ምምሕያሽን ነብሪ ሞተረ ምዕባለ ኮይኑ ዝቐጽል ዘሎ'ዩ። ሞክረ፡ ሕብረተሰብ ዝብልጸግ ንምምሃር ክብሪ ዝህብ፡ ንፈተነ ዝሸልም ከምኡ'ውን ንዝተወርሱ ኣገባባት ኣብ ምልክት ሕቶ ከእቱ ትብዓት ዘለዎ ምስ ዝኸውን ምኽንያቱ ዘርኢ እዩ። ዝኽተሎ መቓን ወይ ኣገባብ ሃንደስቲ ፖሊሲ ስለምንታይ ገለ ሃገራት ይምዕብላ ካልኦት ድማ ይዕኑዳ ክርድኡ ንዝደልዩ ዝሕብር'ዩ።

ንሞክረ፡ ኣግዮንን ሃዊት ክብሪ ብምሃብ ኮሚቴ ኖበል፡ መጻኢ ናይ ምዕባለ ኣብ ምህዞ ከምዝምርኮስ፡ ምህዞ ድማ ካብ ሓሳብ ከምዝጅምር ኣፍልጦ ሂባ ኣላ። ሓሳባት ንምዕባለ ይቕልስ፡ ስልጣኔ ድማ ብምዕባለ ይግለጽ። ስለዚ፡ ሃንደስቲ ፖሊሲ ነዚ ክሰምዕዎ ኣድላዪ እዩ ይብሉ ገለ ካብ ፈላጦት ናይ'ዚ ዓውዲ።

ሽልማት ስቨሪክስ ሪክስባንክ ኣብ ስፍልጠት ስነቑጠባ ንዝኽሪ ኣልፈረድ ኖበል



ጆኤል ሞክሪ — "ብተክኖሎጂያዊ ምዕባለ ናይ ዝረጋገጽ ቀጻሊ ቁጠባዊ ዕቤት ወሰንቲ ቅድመ-ኩነት ስለምልላይ"

ፊሊፕ ኣግዮን, ፒተር ሃዊት — "ብፈጠራዊ-ዕንወት ንዝረጋገጽ ቀጻሊ ቁጠባዊ ዕቤት ስለዝገለጽ ክልሰ-ሓሳብ"

Illustrations: Niklas Elmehed

## ሽልማት ኖበል ዘይኮነስ ሽልማት ሪክስባንክ





ንስነቑጠብ ዝወሃብ ሽልማት ኖበል ከምቲ ኣብ ካልእ ዓውድታት ዝወሃብ ሽልማት ኣይኮነን። እቲ ኣብ ዓውድታት ፊዚክስ፡ ስነቐመማ፡ ፊዝዮሎጂ ወይ መድሃኒት፡ ስነጽሑፍን ሰላምን ዝወሃብ ሽልማት ሽወደናዊ ኣልፍረድ ኖበል ዝማስረቶ መበቆላዊ ሽልማት ኖበል'ዩ። ናይ ስነቑጠብ ሽልማት ግና ብማእከላይ ባንክ ሽወደን (ስቨሪክስ ሪክስባንክ) ኣብ 1968 ዝተማስረተ ኮይኑ ወግዓዊ መጸውዒኡ ድማ ሽልማት ስቨሪክስ ሪክስባንክ ኣብ ቁጠባዊ ስፍልጠት ንዝኽሪ ኣልፍረድ ኖበል ዝበል'ዩ።

እዚ ሽልማት፡ ኣብ 1968 ኣመሓዳሪ ማእከላይ ባንክ ሽወደን ዝነበረ ፒር ኣዙበሪንክ ዝጀመሮ'ዩ። እቲ ባንክ፡ ካብ መንግስቲ ሶሻል ደሞክራት ናጻ ንምኳን (ብፍላይ መጠን ወለድ ኣብ ምውሳን) ዕቑድ ዘቖጸረ ዘይዕወት ፈተነ ድሕሪ ምኪያዱ ዝተሃንደሰ 'ዕልዋ' ምኽንያት ኣቨር ኦፈር፡ ጋብርኤል ሶደርበርግን ፊል ሚሮውስኪን ኣብ ዘካየድዎ መጽናዕቲ የጉልሑ። መበል 300 ዓመት ምስረታ ናይቲ ባንክ ደማ ብገንዘብ ናይቲ ትካል ንዝምስረት ሽልማት ስነቑጠብ ጸንበለ። ኣዙበሪንክ፡ ስድራቤት ኖበል ኑቲ ውጥን ንኽቕበልዎ ጸቕጢ ገበረ። እቲ ወሃኒቲ ኢንዱስትሪ ዝቈጻጸርዎ ዝነበረ ናይ ኖበል ትካል (ኖበል ፋውንደሽን) ደማ ኑቲ ውጥን ኣጽደቐ። እቲ ውሳነ ከኣ ብኡ ንቡኡ ተቓልሐ። ምሕደራኡ ደማ ልክዕ ከምቲ ካልእ ናይ ስፍልጠት ሽልማት ኣብ ትሕቲ 'ሮያል ስዊድሽ ኣካዳሚ ኦፍ ሳይንስስ' ኮነ።

ኣዙበሪንክ ደማ "ሎሚ፡ ስፍልጠት ቁጠባ ኣዝዩ ማዕቢሉን ከም ስፍልጠታዊ ዓውዲ ሰሪቱን እዩ" ኢሉ ብምእዋጅ ዘዋሳውል መደምደምታ ገበረ። እዚ መደምደምታ፡ ኑቲ ኣልፍረድ ኖበል ባዕሉ ኢልዎ ዝበሃል "ስፍልጠት ቁጠባ ኣዝዩ ዘይልክዕን ቅድም ምስ ዝተጠቕሱ መሰረታውያን ስፍልጠት ኣብ ሓደ ደረጃ ዘይሰራዕን'ዩ" ሓሳብ ዝቕይርን እዩ። ኣዙበሪንክ፡ ነዚ "ስፍልጠት" ምሽላም፡ ኣብ ፖሊሲ ዝርኣ ክትዕ ናብቲ ንሱ ዝደልዮ ንቕንዕና ገዝኣዊ ፖሊሲ ተመራጺ ዝጉብር'ዩ ዝበል እምነት ነበሮ። እንተኾነ ስነቑጠባዊ መደምደምታታት ካብ ብደሆን ክርክርን ኣየዕረፈን። ሎሚ ዓመት ዝተሸለሙ ስነቑጠብኛታት ዘቕረብዎ መደምደምታ ዘይቕበሉ ወይ ዝቃወሙ ስነቑጠብኛታት'ውን ኣለዉ። ንኣብነት ናይ ሞክረ መደምደምታ ኣብ መንቀሊታት ኢንዱስትርያዊ ሰውራ እንግሊዝ ምስ ሮበርት ኣለን ዘከራኽረ'ዩ። ብተመሳሳሊ፡ ናይ ኣግዮንን ሃዊትን መደምደምታ ምስ ቻርለስ ጆንስ ነድሪ ናብ ዝተሓወሶ ክርክር ዝጸሐ'ዩ። ብተወሳኺ፡ ሞክረ ዝኽተሎ ኣገባብ መጽናዕቲ ኣብዚ እዋን ኣብ ስነቑጠብ ዓብላሊ ኮይኑ ካብ ዘሎ ኣግዮንን ሃዊትን ዝኽተልዎ ኣብ ቁጽርን ቁጽራዊ ሞዴላትን ዘተኩር ዝተፈልየ እዩ። ሞክረ ኣብ ታሪኽን ዘይቑጽራዊ (ዓይነታዊ) መረዳእታ ዘተኩር'ዩ።

ኣቨር ኦፈርን ጋብርኤል ሶደርበርግን ኑቲ ሽልማት፡ ኑቲ ንሰብ ዓመት ኣብ ፊዚክስ፡ ስነቐመምን ስነህይወትን ዝተዋህበ ስፍልጠታዊ ክብሪ ናብ ስነቑጠብ ንምስግጋር ዝተሃንደሰ ናይ "ጻህራ ፕሮጀክት" ኢሎም ይሰምይዎ። እቲ ትልሚ ደማ ብዘደንቕ ኣገባብ ተዓዊቱ። እዚ፡ ኣብ 1969 ዝፈለመ ሽልማት፡ ኣብ ዓውዲ ስነቑጠብ እቲ ኣዝዩ ዝኸበረ ሽልማት ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ። ማዕረ ማዕረኡ ደማ ቁጠባዊ ስርዓትና ዝዋግእዙ ሓሳባት ስፍልጠታዊ ስልጣን ዝህብ ኮይኑ ይቕጽል ኣሎ።

ሓሳባት

# ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ፧

ሲራክ ክፍለ

መበል 67 ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ማሕበራዊ ምሕደራን ሓደሽ ማሕበራዊ ምሕደራን ቢርኽራሲን ዝብል ኣምራት ምዕራባዊ ዓለም ትሕዝቶኡ ብዝርዝር ተመልኪትና። ኤርትራ ካብ ጥንቲ ኣትሒዛ ንማሕበራዊ ፍትሕን ማሕበራዊ ኣገልግሎትን ዒቢ ግምት ዝሃበ ምሕደራ ዒደ ኣቦ ከምዝነበራ ጠቒስና ደሚ፡ ከም ኣብኡ ካብ ዝተፈላለየ ሕግታት እንዳበ ገለ ዓንቀጻትን ንኡሳን ዓንቀጻትን ኣቕሪብና ነይርና። ዕምምት መንግስቲ ኣብዚ ዘመንዚ ብማሰረት ዓለምለኻዊ ትካል ኣኢሲዲ (OECD - Organization for Economic cooperation and development) ብኸመይ ከምዝገለጾን ናይ ቀረባ ግዜ ጸብጻቡን እውን ተመልኪትና። ንትርጉም መትከሉ ቅዋምን ደሞክራሲን ብማጠኑ ተናኺፍና ደሚ፡ መትከላት ፖለቲካዊ ስርዓትን ስርዓት ዋንነትን ኤርትራ ብመዝጸር ጸሓፍ ክኢላ ስዑቁጠበ ፈረንሳዊ ቶማስ ፒከት ክንርእዮ ፈቲንና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦*

***

## ምህናጽ ሃገርን ሃገርነትን

ህዝቢታት ናይ ሎሚ ኤርትራ ንመዋእላት ብዓድን ከቢ ዓድን ተጠርኒፎም እናተቐመጡ፡ ኣብ ሰዓቱ፡ ፍቅርን ምክብባርን ዝተሃንጸ ጸቡቕ ዝምድናንን ማሕበራውን ቁጠባውን ምምሕዳርን ዘበርም እዮም። እዚ ስርዓት ምንባርዚ፡ ኣብቲ ቅድሚ 500 ዓመታት ዝተሰደ ሕጊ እንዳባ ብገጸር ሰፊሩ ንረኽቦ።

ከም ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ኤርትራ በዚ ሎሚ እንፈልጦ ጆግራፍያዊ ቅርጺ መሬታን ኣብኡ ዝነበር ህዝባን ብመግዛእቲ ኢጣልያ እያ ቆይማ። ኢጣልያ፡ ባህርያዊ ጸጋታት ኤርትራ ንምምዝማዝ፡ ንኤርትራውያን ካብ ዝተፈላለየ ከቢ ብምእካብ ከተማታት፡ ወደባት፡ መገዲ ባቡርን ጸርግያታትን፡ ፋብሪካታትን ዘመናዊ ሕርሻን ኣብ ምህናጽ ኣዋፈራቶም። ካብ ኤርትራ ሓሊፋ እውን ግዝኣታ ናብ መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃን ሊብያን ንምስፍሕፋሕ፡ ንኤርትራውያን ብምስሮዓድን ሓውሲ ምስሮዓድን ኣዐሲኻራ ዘመናዊ ሰራዊት ኣቐመ። ኢጣልያ ንቁጠባውን ወተሃደራውን ረብሓኣ ኢላ ንኤርትራውያን ካብ ዝተፈላለየ ከበታት ምስ ኣኻኸበቶም፡ እቶም ዜጋታት ንሓድሕዶም ክፋለጡ ጥራይ ዘይኮነ ኤርትራዊ ሃገራዊ ንቕሓት ከሕድሩ ሓገዞ እዩ።

ኣብ ምጅማር ካልኣይ ውግእ ዓለም፡ ሓይልታት ጀርመንን ኢጣልያን፡ ካብ ኣፍሪቃ ጥራዝርን ሓይሊ ስዒቦ ንኸይረኽብ ንምዕጋት፡ ናይ ቃል ኪዳን ሓይልታት (Allied Powers)፡ ብፍላይ ከኣ እታ ኣብ ግዝኣ፡ ሱዳንን ገለ ክፋል ሶማልን ግዝኣት ዝነበረት ብሪጣንያ፡ ብሰሜን ካብ ሱዳን ተበጊሳ ኣብ ኤርትራ፡ ብደቡብ ከኣ ካብ ሶማል ተበጊሳ ኣብ ኢትዮጵያ ንኢጣልያ ገጢማ ሰዓረታ። ብድሕሪዚ ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ ግዝያዊ ወተሃደራዊ ምምሕዳር ማሰረታ።

ኣብቲ ግዜ'ቲ ናይ ብሪጣንያ ሓሳብ ግዝኣታ ናብ ኤርትራ ወይ ኢትዮጵያ ምስፍሕፋሕ ዘይኮነስ፡ ምቁጽጻር ፈለግ



ኒልን ምውሓስ ቀጻልነት ግዝኣት ግብጽን ሱዳንን እዩ ዝነበረ። በዚ ከኣ ኣብ ሽርሒ ኣመራጺን ሃጼይ ሃይለስላሰን ብምትሕብባር፡ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ኢትዮጵያ ክትቀረን ጸይቂ ተራ ተጻዊታ። ኣብዚ ዝተጠቕሰ መድረኽዚ ብዝተዋግዲ ምስ ከበና፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ንቕሓት ዝሓሸ ይዝርርምበር፡ ቅድሚኡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ጣልያን ናይ ፖለቲካን ውዳበን እኹል ተመኩሮ ስለዘይነበረ፡ እቲ ዝርኣቡ ኣብ ግዜ ምምሕዳር ብሪጣንያ ዝጀመረ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ከምቲ ዝደለ ሓይሊ ኣይነበሮን። ሽርሒ ብሪጣንያን ስርዓት ሃይለስላሰን ተወሲኹዎ ደማ እቲ ምንቅስቓስ ኣብ ሓድሕዱ ክሰሓሓብ ኣድማዒ ተቓውሞ ኣይገበረን። ብውዲት ሕቡራት መንግስታት ኣመራጺን ደገፍ ብሪጣንያን ከኣ ኤርትራ ፈለማ ኣብ ትሕቲ ስማዊ ፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ክትቀረን ተገዲዳ። ጸኒሓ ከኣ ብኢትዮጵያ ተገቢጣ፡ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ መዳርግቲ ኣብ ዘይብሮ ሕሱም ምምሕዳር ኢትዮጵያ ወዲቓ።

ናይ 40ታትን 50ታትን ፖለቲካዊ ተመኩሮ፡ ህዝቢ ኤርትራ ረዚን ዋጋ ዝኸፈለሉ ግን ከኣ ዒቢ ትምህርቲ ዝቐሰመሉ እዩ ነይሩ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ 1961 ብረታዊ ቃልሲ ምስ ጀመረ እውን፡ ኣብቲ ናይ መጀመርያ ዓመታት ከምቲ ናይ 50ታት ዝመስል ጸገማት ከፋፋሊ ፖለቲካ ኣጋጢሙዎ ነይሩ እዩ። ኣብ ማስርሒ ቃልሲ ከኣ ዘደሊ መጠናዊ ውሽጣዊ ክሳራ ኣጋጢሙ። ኣብ መጨረሻ ግን፡ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ተፈጢሩ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓደን ንጹርን ዕላማ ኣሰሚሩ፡ ብተኣምራታዊ ክበሃል ዝከኣል ወተሃደራዊ ቅያታት ኣብ 1991 ልኡላውነቱ ኣረጋገጸ።

ካብ እዋን 40ታትን ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲን ጀሚሩ፡ ብዙሓ ክሊ ግዝኣት ኤርትራን መንነት ኤርትራውን ንጹር ኣረኣእያ ነይሩ እዩ። ድሕሪ ናጽነት ከኣ ሃገረ ኤርትራን ኤርትራዊ መንነትን ብወግዒ ኣብ ቅዋም ሃገረ ኤርትራ ሰፊሩ እዩ።

ሃገረ-ኤርትራን ክሊ ግዝኣታን ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ፡ በቲ ካብ መግዛእቲ ኢጣልያ ዝወረሰቶ ኣህጉራዊ ዶብ ዝተወሰነ እዩ። እዚ ከኣ ኣብ ቅዋም ኤርትራ ሰፊሩ ኣሎ፡ ምዕራፍ ሓደ፡ ዓንቀጽ 1 - ሃገረ-ኤርትራን ክሊ ግዝኣታን፦

1. ኤርትራ፡ ደሞክራሲን ማሕበራዊ ፍትሕን ዝመሰረታ፡ ብዕግዚኣት-ሕጊ እትመሓደር ናጻን ልኡላዊትን ሃገር እያ።
2. ሃገራዊ ግዝኣት ኤርትራ፡ ነቲ ፍሉጥ ዝዶባቱ መሬት፡ እንተላይ ማያዊ ክሉን ደሴታቱን ክሊ ኣየሩን የጠቓልል።
3. ኣብ ሃገረ-ኤርትራ ልኡላዊ ስልጣን ናይ ህዝቢ እዩ። እዚ ቅዋምዚ ብዘእዝዞ ስርዓት ኣብሉ ከኣ ኣብ ግብሪ ይውዕል።
4. እቲ ንልኡላዊ ስልጣን ህዝቢ ወኪሉ ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝምስረት መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣሳታፍን ድልዱልን ትካላት ብምህናጽ፡ ንብቑዕ ደሞክራሲያዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ማሰረት ይኸውን።
5. ኤርትራ ብኣሃዱኣዊ መንግስቲ ናብ ዞባዊ ምምሕዳራት ተኸፋፊላ ትመሓደር። እቲ ዞባዊ ምምሕዳራት ዝህልዎ ኣቃውማን ስልጣንን ከኣ ብሕጊ ይውሰን።

መን እዩ ኤርትራዊ ብዝምልከት ከኣ፡ ዓንቀጽ 3 - ዜግነት

1) ካብ ኤርትራዊ ኣቦ ወይ ኤርትራዊት ኣደ እተወልደ፡ ኤርትራዊ ዜጋ ብትውልዲ እዩ።
2) ናይ ካልኦት ሃገራት ዜጋ፡ ሕጊ ብዘውሰኖ መሰረት ኤርትራዊ ዜግነት ክወስድ ይኽእል።
3) ንዜግነት ዝምልከት ዝርዝር ሕግታትን ቅጥዕታትን ብሕጊ ይውሰን።

ጸጋ ዕድመ ሂቡካ፡ ተመኩሮ ሃገራት ኣፍሪቃ ርኢኻ ከተመዛዝን እንተክኢልካ፡ እቲ ኣብ 40ታትን 50ታትን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተገበረ ውዲት ዝተጎልበበ ምረቓ (Blessing in disguise) እዩ ነይሩ ዝብል እዩ። ከመይሲ፡ እተን ብኢጋኡ ብዘይ ብዙሕ ቃልሲ ነጻነተን ክረኽባ ዝተዓደላ ሃገራት ኣፍሪቃ ክሳብ ሎሚ ሓድነት ህዝበንን ሃገርነትን ኣብ ምህናጽ ክሸገራ እንክለዋ፡ ብኣንጻሩ ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ናይ 40ታት፡ 50ታትን 60ታትን ድኻሙ ተማሂሩ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ምናልባት'ውን ኣብ ዓለም ሐደት መዳርግቲ ጥራይ ዘርከቦ ሃገርነትን ሃገራውነትን ተኸሊ ደርኪቡ። ብዘይ'ዚ ረዚን ሃገርነትን ሃገራዊ ሓድነትን ናጽነት ኤርትራ ንምርግጋጽ ካብቲ ዝተኸፍለ ዋጋ ንላዕሊ ምተኸፈለ ነይሩ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ምናልባት እውን ክሳብ ሎሚ ዓቢ ዋጋ እናኸፈልና ምቐጸለ ነይሩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መስርሕ ቃልሲ ዘደልደሎ ሃገርነት እምበኣር ብቐሊሉ ዘይርከብ ዓቢ ጸጋ እዩ።

ሃገርነት ግን ብቐጻሊ ክኽሰኩስ ዘለዎ እዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ከበቢታት ዓለም ከም እንርእዮ፡ ናይ ወጻኢ ሓይልታት ሃገራት ዳግመ ንምግዛእ ወይውን ናይ ስልጣን ህርፋን ዘለዎም ዜጋታት ብኣቋራጭ ስልጣን ንምጭባጥ ህዝቢ ክፈላልዩ ዘይፈትልዎ ሓሳብን ዘይገብርዎ ሃገርን የለን።

ኣብ ኤርትራ ኣብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝተሃንጸ ሃገርነት ንምዕቃብን ኣብ መጻኢ ወለዶ ንምስግጋሩን ንጡፍን ወጽኢት ዝሃበን ጻዕርታት መዓልታዊ ይካየድ እዩ። ንኣብነት፦

- ትሕተ-ሃገራዊ ከፋፋሊ ድሑርን ጸቢብ ኣተሓሳስባታትን ስምዒታትን ትምክሕትን ምንጻግ፣
- ኩሉ ኤርትራዊ ያታታት፡ ልምድታትን ቋንቋታትን ከም ዝምዕበልን ከምዝህብትምን ሓድሕድ ከምዝፋለጥን ምግባር፣
- ዓበይቲ ፍጻመታት ሰውራና፡ መዓልቲ ናጽነት፡ ዝኽሪ ጀጋኑ ሰማእታትናን ከም መሰረት ሃገርነት ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ዝሰጋገር ውርሻ ምግባር፣
- ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት ከም ዝሳተፍ ምግባርን ኣብኡ ከኣ ህዝቡን ሃገሩን ከምዝፈልጥን ምግባር ወዘተ.

ከም ኩሉ ነገራት ኣብ ህይወት፡ እዚም ሃገርነት ዘሐይሉ ኣብነታት ካብ ጉድለትን ድኻምን ናጻ እዮም ማለት ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ኤርትራዊ ሃገራዊነት ኣብ ምዕቃብን ምስሳንን ምሕያልን ዘለዎም ተራ ብቐሊሉ ዝርአ ኣይኮነን።

ኣገዳስነት ሃገርነትን ሃገራዊ ሓድነትን ብዝምልከት ቅዋም ኤርትራ ዓንቀጽ 6 - ሃገራዊ ሓድነትን ርግኣትን ከምዚ ይብል፦

- ህዝብን መንግስቲን ኤርትራ፡ ስምረትን ስልምትን ሃገር ንምህናጽ ኣብ ዝገብርዎ ጻዕሪ፡ ንብዙሕነት ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሓድነት ኣብ ብዙሕነት ንዝብል መትከል ከም መራሒ መትከል ይወስድዎ።
- መንግስቲ፡ ብተሳትፎ ኩሉ ዜጋ፡ ብደሞክራሲያዊ ልዝብን ሃገራዊ ሓበራዊ መረዳእታን ብምምዕባልን ናይ ሓድነትን ማሕበራዊ ሰላምን ድልዱል ፖለቲካውን ባህላውን ሰረት ብምህናጽ፡ መሰረት ሃገራዊ ርግኣትን ምዕባለን የደልድል።
- መንግስቲ፡ ብቑዓትን ኣሳተፍትን ትካላት ብምፍጣር፡ ንእተመጣጠነ ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለ ዘውሕስን ዘቀላጥፍን ምቹእ ሰላማዊን ርጉእን ኩነታት የረጋግጽ።

ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮም 3 ዓንቀጻት ቅዋም ኤርትራ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ኣብ ሃገርን ሃገርነትን ዘለዎም ጽኑዕ መትከል ዘጸር ኮይኑ ብዋዕበሪን ብትግሃትን ብቐጻሊ ክሰርሓሉ ዝጸንሐን ዘሎን እዩ። ከም ውጽኢቱ ሎሚ፡ ዘይከም ኣብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ኤርትራ ትሕተ-ሃገራዊ ምፍልላይ ብዘየኾ መልክዑ ቦታ የብሉን። ገለ ተርእዮታት ኣብ ዘጋጥማሉ ደማ ህዝብን መንግስቲን ዘይጸመሞ ባህሪ እዩ። ከምዚ ዓይነት ንቕሓት ምህላው ኣብ ምድልዳል ሃገርነት ዘለዎ ወሳኒ ግደ ኣብ ዝቕጽል ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ክንርእዮ ኢና።

ይቕጽል . . .



ሽባብ
ሃማመተኤ

ምስትምቓር

# ዛንታ - ‘ኣደን ውላድን (165 -179)’ - ካብ መጽሓፍ ናቕፋ

ፍትሓዊ እስቲፋኖስ

***

ኣደን ውላድን (165 -179) -

ካብ መጽሓፍ ናቕፋ (ዛንታታት ተመኩሮ ገድሊ)

ጸሓፊ፡ መሓመድ እድሪስ መሓመድ

***

ተመስጦይን ንባበይን፥

ወድሰብ ንኻብኡ ዝዓቢ ዕላማ እንተ ተሰሊፉ ሽዑ እዩ ንሞት ዝስዕራ። ንሞት ምስዓር ማለት ከይሞትካ ምትራፍ ዘይኮነስ ምስ ሞት ፊተፊት ብምግጣም ኪኖኣ ንዝርከብ ዕላማ ንምብጻሕ ብኣኣ ክትሓልፍ ምኽኣል ማለት እዩ። ብሞት ሓሊፉ ሞት ዝሰዓረ ድማ ንዝልኣለም ኣብ ልቢ ሰብ ይነብር። ካብኡ ንዝዓቢ ዕላማ ዝተሰለፈ ሰብ ዓወቱ ናይ ግድን እዩ። ንዓወቱ ግና ዘይከርክበሉ እውን ይኽእል እዩ።

ወድሰብ ካብኡ ንዝንእስ ዕላማ እንተ ተሰሊፉ ግና ኣይኮነንዶ ሞት ንህይወት ንባዕላ እውን ክስዕራ ኣይክልን እዩ። እቲ ህይወት ዝሰዓረቶ ሰብ፡ ስሙ ኣይኮነንዶ ኣብ ልቢ ሰብ፡ ኣብ ልሳን ሰብ እውን ክጽወር ኣይክእልን እዩ።

ሰውራ ኤርትራ፡ እቲ ንሞት ዝሰዓረ ሰውራ እዩ እንብሎ እምበኣር፡ ካብዚ ስነ-መጐት ዝተበገሰ ይመስለኒ። እዚ ድማ ሰውራ ኤርትራ ካብ ተጋደልቱ ይዓቢ ናብ ዝብል ምጉት ክስግረና ይኽእል። ሰውራ ካብ ተጋደልቲ ይዓቢ እንተ ደኣ ሃልዩ እምበኣር፡ ተጋዳላይ ናብ ካብኡ ዝዓቢ ዕላማ ተሰሊፉ ዝብል ሓሳብ ስነ-መጐታዊ ይኸውን። እዚ ናተይ ትንተና እዩ። ካልእ ስነ-መጐት እንተ ሃልዩ እውን ክበጽሖን ክፈልጦን ወትሩ ሃሰው እብል። እዚ ማለት ግና ውልቀሰባት ኣገደስቲ ኣይኮኑን ማለት ከስምዕ የብሉን። ብኽልሰ-ሓሳብ ስነ-ሕብረተሰብ፡ ነዚ ዝተፈላለየ መልሲ ክንህበሉ ንኽእል ኢና። ብሓፈሻዊ ኣረኣእያ ዓውዲ ስነ-ሕብረተሰብ ግና ሓደ ውልቀሰብ ካብ ዘቑሞ ትካል ክዓቢ ኣይክእልን እዩ። መምህር ካብ ትምህርቲ፡ ሓረስታይ ካብ ቀጠባ፡ ቀሺ ካብ ሃይማኖት፡ ሰብ ካብ ሃገር ኣይዓብን እዩ። ውልቀሰብ ንእኩብ የቑውም ካብ እኩብ ግና ኣይዓብን። እዚ ከምቲ ጸባ ብውላዳ (ብጠስሚ) ትዕበ ዝብሃል ስነ-ልቦና ብሄረ ትግረ ክንወስዶ ንኽእል ኢና።

ስለዚ፡ ተጋዳላይ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ካብኡ ዝዓቢ ዕላማ ስለ ዝተሰለፈን ንዝተሰለፈሉ ዕላማ ስለ ዝተዓወተሉን ኣብ ልቢ ነፍስወከፍ ዜጋ ይነብር!

እቲ ኣብ እዋን ጽጋብ ንኣኽላባቱ ዝኸልከሎም ስጋ ህበይ፡ ኣብ ግዜ ጥሜት ንባዕሉ ክረኽቦ ዘይምኽኣሉ ሕማቕ ተሰምየ።




ኣብ መጽሓፍ ናቕፋ፡ 40 ተኣምራታውያን ዛንታታት ኣሎ። ካብዚ ኩሉ ዛንታታት፡ ነዛ ‘ኣደን ውላድን’ እትብል ዛንታ ከስተማቕራ ዝገደደኒ፡ እቲ ኣብቲ ዛንታ ተሳኺዑ ዘሎ ምሳሌኣዊ ኣዘናትዋ እዩ።

***

ኣብታ ዛንታ ዘሎ ጠባይ፡ ጓሳ ኣጣል ዝነበረ ኮይኑ፡ ሓደ ካብዞም ልዕል ኢለ ዝገለጽክዎም ናብ ካብኦም ዝዓቢ ዕላማ ዝተሰለፉ ተጋደልቲ እዩ።

መሓመድኑር ኣብ ናቕፋ ተወሊዱ ንናቕፋ ዘዋልዳ ንፋዕ ጓሳ ኣጣል እዩ። ኣጣሉ ብዕሉማት ኣኽላባት ዝሕሉ፡ ዋኒኑ ዝደፈረ ዘበለ ናይ ኢዱ ከይሃበ ዘይድቅስ ንፋዕ ጓሳ እዩ። ሓሊባይን ጀሃርን ዝብሃሉ ምስኡ ክሳዕ ብዓይኒ ዝረዳድኡ ምዑታት ኣኽላባት ገይሩ ጥሪቱ ዝሕሉ ጅግና ጓሳ እዩ። ኣኽላባቱ ስጋ ዓጋዜን እምበር ስጋ ህበይ ክበልዑ ዘይፈቅድ፡ ብኽብርታት ከባቢኡ ዝምራሕ ሕፉር ጓሳ። ንናቕፋ ምስ ዘለዋ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ ካብ ብለይቲ ዝያዳ ብቐትሪ ክትርድኣ ዝኣምን ሰብ። እዚ ባህርያዊ ጠባይ ሓደ ጓሳ እዩ፣ ምኽንያቱ ንዝኾነ ኣራዊት ካብ ብለይቲ ብቐትሪ ክትቈጻጸሮን እንተ ኣጥቂዑካ ክትከላኸሎን ክትስዕሮን ስለ ዝኽእል።

መሓመድኑር ሓደ እዋን ኣብ ግራቱ እናሓለወ እንከሎ፡ ኣጣሉ ድራር ህበይ ከም ዝኾና በቶም ካብ ናቕፋ ወጺኦም ናብ ናሮ ዝጕዓዙ ዝነበሩ ኮማንዲስ ምስ ተነግሮ፡ ኣኽላባቱ ምስኡ ኣብ ድፋዕ ኣኺቲቱ ነቲ መሓስኣት ዝበልዓሉ ጋውና ብምምራኽ ገመድ ኣብ ክሳዱ ብምእሳር፡ ኣብ ኣፍንጫኡ ድማ ከም ገመል መንደል ኣሲሩ ኣብ ሓንቲ ሰብ ዘይብላ ኣጕዶ ብዘይ ምግቢ ንሰለስተ መዓልቲ ኣሰሮ። ኣብ ሳልሳይ መዓልቱ ናብ ደገ ኣውጽኡ ናብቶም ኣብቲ ሩባ ብናጽነት ዝናጠሩ ዝነበሩ መሓስኣት ፈነዎ። ብጥሜት እናኣምበሃቘ እኳ እንተ ጠመቶም፡ ዳግማይ ክበልዖም ግና ከም ዘይፈቅደሉ ንምርኣይ ኣኽላባቱ ፈነወሉ እሞ ኣብኡ ሞተ። ‘ከልቢ ስጋ ህበይ እንተ በሊዑ ድኹምን ወሸላኽን እዩ ዝኸውን፡’ ዝብል እምነት - ሕብረተሰብ - ስለ ዝነበሮ ድማ ኣኽላባቱ ነቲ ዝቐተልዎ ጋውና ክበልዕዎ ኣየፍቀደሎምን። ብመሰረቱ እውን ሓደ ዝሰዓርካዮ ጸላኢ ምስ ሞተ፡ ግቡኡ ብምግባር ተፋንዎ እምበር ኣብ ልዕሊ ሬሳኡ ዝኾነ ተግባራት ኣይትፍጽምን ኢኻ ንዝብል እምነት ዝድርዕ ውሕሉል ኣዘናትዋ። እዚ ንናቕፋ ብኽልተ እግሩ ከም ልቡ ናይ ልቡ ዝገብረላ ጓሳ፡ ከምቲ ንኣጣሉ ካብ ኣራዊት ዝተኸላኸለ፡ ንህዝቡ ካብ ጸላኢ ንኽከላኸል ብዕለት 15 ታሕሳስ 1976 ሰዓት 11:30 ቅድሚ ቐትሪ ምእንቲ ሃገርን ምእንቲ ዝተወለደላ ናቕፉን፡ ከምኡ እውን ብጾቱ ከድሕንን የማነይቲ እግሩ ወፈየ። ስለምንታይ የማነይቲ እግሩ ወፍዩ፧ ኣብ ምንታይ ኣጋጣሚ፧ ኣብታ ዝዓበየላ ናቕፋ ዝረኣዮን ዝተመኩሮን ዘስካሕክሕ ጥሜት እንታይ ይመስል፧ ፈንጂ እግሩ ምስ ቈረጾ እንታይ ኢሉ፧ ኣሃዱኡ ንምንታይ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ዓሪዳ ነይራ፧ ስለምንታይ ናብ ኣሃዱኡ ደጊሙ ኣይተመልሰን፧ ዝብል ዘኸይፍ ኣዘናትዋን ፍጻመታትን ነታ ዛንታ ብምንባብ ክትምልስዎ እምሕጸን።

ጸሓፊ ዝተጠቐመሉ ናይ ኣዘናትዋን ምስ ጕስነት ዝተኣሳሰረ ተምሳለትን ኣዝዩ መሲጡኒ እዩ። ዘፍቅረን ኣጣሉ ከም ህዝቢ፡ ህበይ ከም ጸላኢ፡ ከምኡ እውን ንኣኽላባት ከም እሙናት ብጾቱ። እቲ ኣብ ናቕፋ ኮይኑ ጀጋኑ ዘበልዕ ዝነበረ ኮለኔል ማሞ፡ ከም ጋውና፡ ዝተጠቐመሉ መነጻጸሪ ኣገባብ ንጥበብ ኣዘናትዋኡ ዝድርዕ ኮይኑ ረኺበዮ። ካልእ ልበይ ዝተንከፈኒ ፍጻመ ድማ፡ መሓመድኑር እግሩ ተቘሪጹ ድሕሪ ዝተወሰነ ኣዋርሕ ሓርነት ናቕፋ፡ ነታ ዝፈልጣ ናቕፋ ካብ ብዕንጻይቲ ዝተሰርሐ መራኹስ ተደጊፉ ምስ ተመልሳ ብምድፍናቕ ብልቡ ዝበሎ እዩ፥ “ኣሕ ናቕፋ መንቁፋ፡ ብኽልተ እግሪ ከም ዘይዓንደርናልኪ ብሓደ እግሪ ኣትሪፍክና።” ኣብዛ ህሞት ህዝቢ ብናጽነት ካብ መግዛእቲ ሓራ ኮይኑ ምስ ርኣየ፡ ኩሉ ብንእስነቱ ዝዓንደረሉ ቦታ ከም ልቡ ክዕንድረሉ ዘይምኽኣሉ ምስ ርኣየ፡ ከም ሰብ ዝተሰምዖ እዩ። እዚ ምስ ኣንበብኩ፡ ጸሓፊ ነቲ እቶም እምበርዶ ሰብ እዮም ዝብሎም ተጋደልቲ ሰብ ምንባሮም ብዝገልጽ ተንካፊ ስምዒት ሰዓረኒ።

ካልእ ዝመሰጠኒ፡ ጸሓፊ ንናቕፋ ብጸላኢ ፍጹም ከም ዘይትተሓዝ ንምግላጽ ዝተጠቐመሉ ብኣባሓጎ መሓመድኑር ዝተገጥመት ግጥሚ እያ።

“ናቕፋ ከደረይቲ ኣይተዋህበትን ብሃቡ

ምድሪ ናቕፋ መንጎ ሕምብርትን ጎሎንየ ሰፈሩ

ሊጋስየ ዝብል፡ ኣይብልን ምስ ሰበይተይ ሕደሩ

ጅግናየ ዝብል፡ ኣይብልን ካብ ኣካሊይ ምተሩ

ናቕፋ ከደረይቲ ኣይተዋህበትን ብሃቡ”

ብምባል ይገልጻ። እዛ ግጥሚ ኣብ ምንታይ ኣጋጣሚ ተባሂላ እውን ርእሱ ዝኸኣለ መሳጢ ዛንታ ኣብ ሕቑፌ እዛ መጽሓፍ ኣሎ።

ካልእ ደስ ዘበለኒ ኣብቲ ዛንታ ዝረኸብክዎ ዋዛ ተጋደልቲ እዩ። ተጋደልቲ ሰብ እዮም ኣብ ዝብል ጸሓፊ ስዒሩኒ እኳ እንተ ጸነሐ፡ ልዕለ-ሰብ ምንባሮም ዝምጕተኒ ነጥቢ ከኣ ባዕሉ ኣምጽኡ ኣብ መንጎ ቀርቂሩኒ። ሰብ እናሞተ ይጨርቕ ድዩ፧ መልሲ ንኣኹም። ተጋደልቲ ግና ኣብ ሞት ኮይኖም ይጨርቁ። ንኣብነት፡ ኣብዚ ዛንታ፡ ንጸረ-ሰብ ነታጕ ኤም-14 ተጋደልቲ ‘ናጽነት’ እናበሉ እዮም ዝጽውዕዎ ነይሮም። እቲ ናጽነት ዝበልሉ ምኽንያት፡ እቲ ክንዲ መኽደን ጀሪካን ዝኸውን ነታጕ፡ ንዝረገጾ ሰብ ክፉል ኣካላቱ ጥራሕ ጕሚዱ ስለ ዘኸይድ እዮም ‘ናጽነት’ ኢሎም ኣጠሚቖሞ። ምኽንያቱ፡ ንእኡ ዝረገጸ ተጋዳላይ መጠናዊ መቍረጽቲ ስለ ዝጋጥሞ፡ ካብ ተዋጋኢ ሰራዊት የሰናብቶ እሞ ናጽነት ናይ ምርካብ ተኽእሎኡ ስለ ዝዓቢ እዮም ‘ናጽነት’ ዝብል ስም ዝሃብዎ። እቲ ካብኡ ንዝዓቢ ዕላማ ዝተሰለፈ ሰብ፡ ኣብ ሞት ኮይኑ እዩ ዝጨርቕ። ተጋደልቲ ምስቲ ኩሉ ጭንቂ ሓንቲ መድሃኒት ነይራቶም - ዋዛ። ዋዛ እታ ዘበለጸት መኣዛዊት ምግቢ ተጋደልቲ እያ።

ኣብዚ ዛንታ ናቕፋ መዳሕንትን እግርን መሓመድኑር ዝተቐብረላ ወላዲቱ ክትከውን እንከላ፡ መሓመድኑር ድማ ዕድል ኣብ ዘረኸበሉ ቅልቅል ዝበላ ከም ውላዳ እዩ። እቲ ኣብዚ ዘሎ ትውክልቲ ወይ ተምሳሌት እውን ንሃገርን ንዜጋን ብዝግባእ ሰውያ ተገሊጹ ረኺበዮ። መጽሓፍ ጥዑም! ንኣሕተምቲ ሕድሪን ንጸሓፊ መሓመድ እድሪስ መሓመድን የቐንየለይ እብሎም።

ልቦና

## ኣነቓቓሒ ጥቕሲታት

ጀሚል ስዒድ

“ንነፍሲ-ወከፍ ለይቲ፡ መዓልቲ ብርሃን ኣሎዋ።”

- Tupac Shakur

“እንተ ሓበርና ንሰርር፡ እንተ ተመቓቒልና ንጠፍእ።”

- Aesop

“ነፍሲ-ወከፍ ደቒቕ ናይ ልምምደይ እጸልእ፣ ግና ፡ ‘ተስፋ ኣይትቑረጽ፣ ሕጂ ተሳቐ፡ ምሉእ ህይወትካ ከም ቻምፕዮን ትነብር፡’ ንነብሰይ እብላ።”

- Muhammad Ali

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሙለስ

**ASMARA MINING SHARE COMPANY**
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;**
**Process Plant Project Metallurgist**
**Number required – (3)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- Conducting metallurgical test projects in order to improve the operations of process plant.
- Prepare daily, weekly monthly, yearly met accounting reports.
- Involve in Geo-Metallurgical sample testing, interpretation and presentation of results.
- Planning
- Implementation
- Data Controlling

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

**1.Planning**

- Participate "Toolbox Meetings" every morning and then plan the day's activities depending on priorities.
- Mid, Long term planning of met plant performance in conjunction with others to meet strategic goals.

**2.Implementation of the Plan**

- Ensure that staff follows all safety & health rules and regulations.
- Responsible for housekeeping on a daily basis.
- Ensure that the necessary samples are taken for met accounting (Assist when required).
- Assist with optimising unit operations to conform to industry best practice.
- Assist in the investigations of deviations in plant performance by assisting in carrying out plant surveys; detailed metallurgical laboratory testing and coordinating analysis of samples by external service providers
- Assist with optimising unit operations to conform to industry best practice.
- Ensure test work is completed by technicians. (Assist when required).
- Conduct/supervise the sample surveys, such as ore grade, moisture, specific gravity and whatever else is required.

**3.Data Controlling**

- Record the collected data in respective folders.
- Record the results of the plant optimization tests

**Profile: Qualifications and Experience**

**Qualifications:**

- Diploma or Degree in Science/ Chemical Engineering/Metallurgy

**Knowledge and Experience:**

- 3+ years relevant experience

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| Computer Literacy (MS Office – Intermediate, ) | Communication (English and local language) |
| Understanding relevant policies | Team Player |
| Attention to detail | Interpersonal Relations |
| Analytical skill | Integrity |
| Safety and environmental skills | Prioritizing skills & multi-skilling |
| Problem solving skill | Ability to work towards strict deadlines |
| Metallurgical/Chemical experience | High level of accuracy |
| | Discretion |
| | Self-motivation |
| | Decision Making |

**Unique requirement**: able to work on 2/1 week off roster, including night shift work

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** AMSC Site
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to;**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application** to
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት ፍርዲ ደቀምሓረ

ኣስካሉ የማን ገ/ማስቀል፡ ብዓል ቤተይ ክብሮም ፍስሃጼን ጉብረዝጊ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብርሀት ብርሃ ንጉሰን ብርኸቲ ወ/ሚካኤል ክ/ማርያም፡ ኣፍ/ሄራት ኣምለሰት በርሀ መረሻ ዝበለትና ለበዋ ደጽደቀልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለምለም መሓሪ ገ/መድህን፡ ብዓል ቤተይ ጥዕምዝጊ መሓሪ ሽፍታ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

መብራህቱ ረዘ፡ ስም ኣደይ ፋጉስ ብጺይ ምግል ተሪፉ፡ ፋጉስ ብጹኣምላክ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ዑቕባመድህን ጉብረኣምላኽ ጉብረዝጊ ምግል ተሪፉ፡ ዑቕባይ ጉብረኣምላኽ ጉብረዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፣ ን26/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ከሰሲት ወ/ሮ ቅድሳን ዘውደ ተሰፉ፡ ተኸሰስቲ 1.ሂወት ኣብርሃም 2.ትወን ጉብረማስቀል ንዓኻትን ዝምልከት ናይ ገዛ ምልቃቅ ክሲ ቀሪቡልክን ስለ ዘሎ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን18/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረባ፡ እንተዘይቀሪብክን ጉዳይክን ኣብዘለኸናሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## 1ይ ቤት ፍርዲ ጊንዳዕ

ናስር ኣሕመድ ሸፋ፡ ስም ኣደይ ሓሊማ ኣሕመድ ሳልሕ ምግል ተሪፉ፡ ሳሊሓ ኣሕመድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት ፍርዲ ባጽዕ

ሳዑዳ ዑስማን መሓመድዓሊ ምግል ተሪፉ፡ ሰዒዳ ዑስማን መሓመድዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሚኪኤለ ማሓመድሰዒድ ኣሕመድ ዓሊ. ምግል ተሪፉ፡ ሚካኤለ መሓመድሰዒድ ኣሕመድ ዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት ፍርዲ ከረን

ኣቶ ዑቅጦሚካኤል ንጉሰ ዘርኡ ፡ ሓፍተይ ሕጂት ንጉሰ ዘርኡ ስለ ዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ. ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት ፍርዲ ባረንቱ

ሱረያ ሱሌማን ዓሊ. ምግል ተሪፉ፡ ሱረያ ሱሌማን ኣቸ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

እድሪስ መሓመድ ማሕሙድ፡ ስም ኣደይ ሃዋ መሓመድ ዱፌ ምግል ተሪፉ፡ ሃዋ ማሕሙድ ዓብደላ ዱፌ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት ፍርዲ ተሰነይ

ዓብደልዓዚዝ ያቆብ ዑስማን ምግል ተሪፉ፡ ዓብደልዓዚዝ ዑስማን ዓሊ. ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ፊሽን ተኽሉብርሃን ማሰፍን፡ ኣደይ ሰናይት ኣርኣያ ስብሃትልኣብ ስለዝዓረፈት፡ ንሕና 5 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትዕበ ተስፉይ ወልደገየርጊስ፡ ወለደይ ተስፉይ ወልደገየርጊስ ወልደማርያምን ኣወጣሽ ከበየ መተግን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣልማዝ ሕሳቡ መሓመድ፡ ወደይ የናስ ወልዳይ ዑቅጦሚካኤል ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ ሸዊት ካሱ፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ሰለሙን ብርሃ ገደላ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት ፍርዲ ፎርቶ ሳዋ

ኣቶ ወሃጅ ዓብደላ ዓሊ. ስም ኣደይ ፋጥና ወሃጅ መሓመድ ምግል ተሪፉ፡ ሓሊማ ወሃጅ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 12/11/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

---

ብስም ኤደን ኢሳቅ ባይሩ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋጊን ASL00037805 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣጥሻውል ጎደና ወደጋን ቁ ገዛ 20 ዝርከብ ናይ መሸጢ. ኮስሞቲክስፊድ መይድ ክዓውንቲ ትካሊይ ፊሊሞን ጉብረትንሳኤ ወልደስላሴ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4ተ ኣስመራ ጎደና ወዲ. ጋን ቑ.ገዛ 44 ካብ ዕለት 01/09/2025 ክሳብ ዕለት 01/09/2031 ኣካርየዮ ስለዘለኹ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ፡፡

ኤደን ኢሳቅ ባይሩ

---

ብስም ኣስሊ. ኣርኣያ ተስፋይ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋጊን ASL00043853 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣጥሻውል ጎደና 119-8 ቑ.ገዛ 52 ዝርከብ ናይ ሬዲ መይድን ጻማን ኮስሞቲክስን ትካሊይ ንወ/ሮ ሊድያ ተወልደ ቦኽሪ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞና ኣጥሻውል ጎደና ዓዲ ሽሩም ቑ.ገዛ 52 ካብ ዕለት 07/10/2025 ክሳብ ዕለት 06/10/2027 ኣካርየዮ ስለዘለኹ ዝቃወም ምስ ዝህሉ እዚ. ምልክታእዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ፡፡

ኣስሊ. ኣርኣያ ተስፋይ

---

ነ/ሄርት ዘውዲ ማርሻ ረደህይ ዝ. ኣብ ሓደሽ ዓዲ ከተማ መንደፈራ ዝነበራ ግድጊዳ ብመንግስቲ ፈረሱ ብስማ ዝተውሃባ ኣብ ዞን 4 መደብ 36 ፓርሰል ሰ. ስፍሓቱ 283 ት.ሜ ኣብ ረጅስትራር ናይ ቤት ፍርዲ ዞባ ደቡብ -መንደፈራ ቀሪባ ብመዝ .ቁ.8/2004 ናይ ዕለት 15/07/2024 ዝተመዝገበ ጌራ ብዚያብ ስለዝጠፍኣ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለዝደለኹ ዝቃወም እንተሎ እዚ. ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ልካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታርን ቤ/ጽ ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግና ጉዳይ ምትሕልላፍ ክፍጸም ምዃነይ ንሕብር፡፡

ረዘነ ማሰፍን ኢማን

---

ወ/ሮ ለምለም ተወልደመድህን ጉብረ(ወኪል) ዘፈቕደለን ናይ መሸጢ. መጋዘኢ. ኣቕሑን መጻወቲ ቆልዑን ንግዳዊ ትካለን "ሂወት ኮስሙቲክስ" (HIWET COSMETICS)ተባሂሉ ክሰየመለን ስለዝሓተታኣዚ. ናይ ንግዲ. ስም ቅድሚ ምምዝጋቡና ዝቃወም ኣካል እንተሎ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ. ናይ ንግዲ. ስም ከምንምዝግቦ ንፈልጥ፡፡

ክፍሊ. ውሽጣዊ ንግዲ.

---

ኣመልካቲትት ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 7 ምም 18 ጎደና ሐ ቁጽሪ ገዛ 06 ዝርከብ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 111313 ብመለለዩ ቁጽሪ 114040 ከምኡ'ውን ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 8 ምም02 ጎደና መ ቁጽሪ ገዛ 1 ዝርከብ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 110775 ብመለለዩ ቁጽሪ 121985 ብስም ኣመጸዮን ተስፋገርግሽ ንዝተመዝገበ ዘንቀሳቐስ ንብረትና ናብ ስም ምላሹ ኣርኣያ ፈልሞን መሓሪ ፡ ዊንታ መሓሪ ከሲጋገሮ ስለዝደለና ዝቃወም እንተሎ እዚ. ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ 30 መዓልቲ ሕጊ. ብዘፍቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ) ሒዙ ኣብ ቤ/ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ምላሹ ኣርኣያ ሽበሺ.

---

ኣመልካቲት፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 8 ምም 02፡ጎደና መ ቁጽሪ ገዛ 1 ዝርከብ ብቁጽሪ ምስክር ወረቐት 110775 መወከሲ. ቁጽሪ 121985 ብስም ወላዲተይ ኣመጸዮን ተስፋገርግሽ ናይ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረትና ኦሪጂናል ሰነድ መረጋገጺ. ወረቐት (ሊብሬቶ ) ስለዝጠፍኣ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሒዞዮ ዝበል እንተሎ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ቤ//ጽ ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ፡፡

ምላሹ ኣርኣያ ሽበሺ.

---

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከባቢ. 06 ዞን 02 ጉደና 413 ኮድ ዚፕ ኮድ 6K-1323፡ ፕሎት 1 ፡ ፓርሰል F ፡ ብመ.ቑ.ንብረት 6BRKRN00021/1 ዝተመዝገበ ስፍሓቱ 200 ት/ሜ ዝኾነኣብ ልዕሊኡ 2 ክፍሊ. መደቀሲ. ፡ 1ክሽኔ ፡ 1 ዓይኒ-ምድሪ ምስ መከኣብ.ያ ዘለዎ ዘንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ ) ብስም መሓመድ ሰልሕ በሻር ዝተመዝገበ ብሀያብ ዝበጽሓኒ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለስለኹ ዝቃወም እንተሎ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. ሓደ ወርሒ. ፡ ሕጊ. ብዘፍቕዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦሪጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፍጸም ምዃነይ እሕብር፡፡

ዓብዱላሂ. ዓብደላ ሕሳፉ

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

## ምጽውዋርን ምሕረትን ዝመለለዩኡ ቅዱስ ተግባር

ኤፍሬም ግደ

ኣቶ የናስ ጺጋይ ነጋሽን ኣቶ ተስፋ ፍረዝጊ ብርሃነ፡ 27 ግንቦት 2025 ናብ ስራሕ ክወፍሩ እንከለዉ፡ ከም'ቲ ኩሉ ግዜ ዝገብርዎ፡ ስርሖም ዓሚሞም፡ ናብ ስድራቤቶምን ደቆምን ብሰላም ምምላሶም ኒዩሮ ሓሲቦም። የግዳ ሓደጋ ኣጋጢምዎም። ኣቶ የናስ ጺጋይ ሰራሕተኛ ኩባንያ ሕድሪ ኮይኑ፡ ኣቶ ተስፋ ፍረዝጊ ድማ መራሒ ዓባይ ማኪናዩ።

ኣቶ ተስፋ፡ ከምቲ ኩሉ ግዜ ዝገብሮ፡ ማኪናኡ መሪሑ ኑቲ ብኩባንያ ሕድሪ ናብ ንኣስ ዞባ ማይ ድማ ከበጽሖ ዝተዋህቦ ኮናትል ሽኮር ጽዒኑ ክበገስ ድሉው ነይሩ። ኑቲ ናይ ኩባንያ ሕድሪ ኮናትል ሽኮር ብሓላፍነት ተረኪቡ ናብ ዝግቡኦ ቦታ ከበጽሖ ዝተመዘዘ ሰራሕተኛ ኣቶ የናስ ጺጋይ ድማ፡ ምስኡ ኣብ'ታ ዓባይ ማኪና፡ ኣብ ጋቢና ብምእታው ጉዕዞኦም ብሰላም ጀሚሮም፡ መንደፈራ ሰንጢቖም ኣንፈቶም ናብ ዓረዛ ኣበሉ። ነዊሕ ከይ ተጓዓዙ፡ ኣብ ከባቢ ዓረዛ ኣብ ዓቐብ'ቲ ምስ በጽሑ ግን፡ እታ ናይ ጽዕነት ማኪና ዘይትም ቀደሙ ንመራሒ ማኪና ኣሸገራቶ፤ ካብ ቁጽጽሩ ወጺኣ ክትከው ጀመረት። ኣብ'ታ ናይ ሓጻር እዋን መራሒ ማኪና፡ ልጓምን ካልእ ኣገባብን ተጠቒሙ፡ ደው ከብላ ዝኸኣሎ ጻዕሩ፤ የግዳ ኣይሰለጠን። ማኪና ካብ ማስመርን ቁጽጽርን


ኣቶ ተስፋ ፍረዝጊ (ፈጻሚ ሓደጋ)

ኣውቲስታ ወጺኣ፡ ጸደፈት። መራሒ ማኪና ኣቶ ተስፋ ብቑሩብ ጉርጺ ካብ'ቲ ሓደጋ ክድሕን እንከሎ፡ ኣብ ውሽጢ ማኪና ዝነበረ ኣቶ የናስ ጺጋይ ግን ብኸቢድ ተሃሪሙ። ማኪና'ውን ምስ ጽዕነታ፡ ብኸቢድ ተሃሰየት።

ንኣቶ የናስ ጺጋይ ተጓዪዮም ናብ ሆስፒታል ኣብጺሖም ከኣ፡ ሕክምናዊ ደገፍ ተገበረሉ። ማህረምቱ ከቢድ ስለ ዝነበረ ግን፡ ድሕሪ ኣርባዕተ ሰዓት፡ ህይወቱ ሓለፈት። ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ተስፋ፡ ብመሰረት ሕጊ ትራፊክ፡ ንእሉቱ ኣብ ቀይዲ ኣተወ። መሳርሕቱን ኑቲ ሓደጋ ዝሰምዑ ቤተሰቡን ከኣ፡ ንስድራቤት መዋቲን ዝምልከቶም ኣካላት ናይ ኩባንያ ሕድሪን ብሀጹጽ ብምሕባር፡ ሬሳ ናብ ቤተሰብ ክበጽሕ፡ ግቡእ ስነስርዓት ቀብሪ ክፍጸም ዝኽእሉ ዓቕሞም ዝኽኣሎ ገበሩ። ኩባንያ ሕድሪ፡ ንሰራሕተኛኡ ዝግብኦ ኣገባብ ብምፍጻም፡ መዋቲ ብቤተሰቡን ኣዝማዱን ፈተውቱን መሳርሕቱን


ኣቶ የናስ ጺጋይ (መዋቲ)

ተሰንዩ፡ ብ29 ግንቦት 2025 ሓመድ ኣዳም ለበሰ። ፈጻሚ ሓደጋ ድማ፡ ብፍቓድ ስድራቤት መዋቲ፡ ኣብ ሳልስቲ ካብ ቀይዲ ወጺኡ፡ ምስ ቤተሰቡን ቤተሰብ ነፍ/ሄር ኣቶ የናስ ጺጋይን ኮይኑ ድማ፡ ንብር ሓዘኑ ፈጸመ። ንመዋቲ ከኣ፡ ንልቢ ስድራቤት መዋቲ ብዘረስርስ መንገዲ፡ ኩሉ'ቲ ብልምዲ፡ ባህልን እምነትን ዝፍጸመሉ ስርዓት ተገብረሉ።

ኣብ'ዚ ክንምገዞ ዝገበኣና፡ ሓደጋ ወዚብን መዓስን ኣብይን የጋጥም ዘይፍለጥን'ኳ እንተ ኾነ፡ መራሕቲ ተሽከርከርትን ኣጋርን ግን፡ ልዑል ጥንቃቐ ክዘውትሩ ይግብኦና። ብፍላይ መራሕቲ ተሽከርከርቲ፡ ምኽንያቱ፡ ብሓደጋ ዝስዕብ ኣካላውን ስነ ኣእምሮኣውን ሃሰያ ቀሊል ስለ ዘይኮነ፡ ብዓብኡ ትንፋስ ትጠፍእ፤ ኣካላት ይሰንክሉ። ጠዋሪ ዝነበርዎ ቈልዑ፡ ይዘኽትሙ። ኣብ ስድራቤት፡ ሕብረተሰብን ሃገርን ከቢድ ቁጠባዊ ሳዕቤን የኸትሉ።

እዚ ዝተፈጸመ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ መዕለቢ ንምግባር፡ ብክልቲኦም ስድራቤታት ዘድሊ ምርድዳእ ምስ ተገብረ፡ ብ4 ጥቅምቲ 2025፡ ኣብ ሞንጎኦም ክልተ ስድራቤታት ናይ ዕርቂ ስነስርዓት ተፈጺሙ። ኣብ'ቲ ናይ ዕርቂ ዕለት፡ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ተስፋ ፍረዝጊ፡ ቤተሰቡን መቕርቡን ኣምሪሑ'ዩ ኣብ ቅድሚ ስድራቤት ነፍ/ሄር ኣቶ የናስ ጺጋይ ቀሪቡ።

ስነስርዓት ዕርቅን ምሕረትን፡ ብመራሕቲ ሃይማኖት ብጸሎት ተጀሚሩ። ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ከኣ፡ ደጊሞም፡ በቲ ከም ቆጸራና እናተረኺብና ኣለና ብምባል ቃሎም ብምፍሳስ፡ ምሉእ ምሕረት ክግበረሎም፡ እቲ ዝወሃቦም ምሕረት ድማ ጽባሕ ንግሆ ናብ መውሰቦ ክልቲኡ ስድራቤታት ብዘተፈላለየ መንገዲ ዝወሰድ ክኸውን ሓደ ብሓደ ድሕሪ መራሕቲ ሃይማኖት ዓበይቲ ዓድን ሽማግለታትን ቃሎም ኣፍሰሱ።

ፈለማ ብወገን ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ቃሎም ዘሰምዑ ቀሺ ክብሮም ክፍሉም'ዮም። ቀሺ ክብሮም፡ "ሓውና ሓሊፉ'ሎ፣ ፈጣሪ ብኣዕሊ ኣብ ጉቱ ይቀበሎ። ፈጻሚ ሓደጋን መዋቲን ከኣ ኣሕዋት ደቂ ሓንቲ ሃገር'ዮም። ንሰላምን ንናብራን ብሓንሳብ ወፊሮም። ፍቓድ ፈጣሪ ኮይኑ ግን፡ ሓዲኦም ሓሊፎም፡ ሓዲኦም ምቕሊ ኮይኑ ተሪፉ። ሕጂ ከኣ፡ ንስኻትኩም ስድራቤት መዋቲ፡ ኩሉ ተገዚብኩም ልምድኹምን ባህልኹምን ወለድኹም ኣጽኒዕኩም፡ ምሉእ ምሕረት ንወድና ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ተስፋ ስለ ዝገበርኩምልና ምሕረት ካብ ፈጣሪ ርኸቡ። ንደቂ መዋቲ ድማ ዘርኢ ሰናይ ገይሩ የብዝሓዮም። ብመውሰቦ ዘራኽበና ይግበሮ" ክብሉ ኣመስገኖም።

ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ሳህለዝጊ ዑቕባዝጊ ብወገኑ፡ "ክቡር መጠን ኑብሱ የኽብረና፡ ከም ዝበሃል፡ እምነትኩምን ባህልኹምን እተቐድሙ ክቡራትን ወርዙያትን ገዛ ምኻንኩም፡ ካብ'ታ ፈለማ መዓልቲ ሓዘን ጀሚርኩም ዝገበርኩምልና ኣቀባብላን ጸቡቕ ገጽን ርኢና ማሲኒርና ኢና። ሰብ መትከልን ሰብ ጽንዑ እምነትን ስለ ዝኾንኩም ከኣ፡ ንሓዘንኩም፡ ብዕርቅን ብምሕረትን ዛዚምኩሞ። ፈጣሪ ኣብ ሰሎሞት ስድራ ስለ ዘውደቐና፡ ናይ ብሓቂ ዕድለኛታት ኢናሞ፡ ልዑል ፈጣሪ ምሕረት ይሃብኩም። ንደቂ መዋቲ'ውን ክንዲ ሽሕ ይግበሮም" ኢሎም።

ኣሰዕብ ኣቢሉ'ውን ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ዓንደማርያም ኪዳኑ "ጠዋሪ ደቁ ዝኾነ ወላዲ ክፍለዮካ ከቢድ'ዩ፣ የግዳ ካብ ኮነ ዝግበር የለን። ሕጂ ከኣ ኑቲ ዝወረደ ሓደጋ ብልቢ ተቐቢልኩም፡ 'ብዘጽንሖ ባህልን ልምድን ሕብረተሰብና፡ ካሕሳ ይኹን ጋር፡ ኣይንሓስቦን' ብምባል ምሉእ ምሕረት ምግባርኩም፡ ካፕቶም ብዙሕ ኢና ተማሂርና፡ ምስጋናና ከኣ ወሰን የብሉን። ንኹሉ'ውን ካብ ፈጣሪ ርኸብዎ" ኢሉ። ካብ ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ተኽልዝጊ ዘርኡ፡ ኣቶ ሃብተገርግሽ ሰመረኣብ፡ ኣቶ ጺጋይ ኪዳኑ፡ ኣቶ የውሃንስ ማዕቀብዝጊን ኣቶ ተስፋማርያም ኪዳንን እውን ስለቲ ዝተገብረሎም ምሕረት፡ ኣከታቲሎም ኣብሊም፡ ናይ ምስጋና ቃል ኣሰሚዖም።

ብድሕሪ'ዚ፡ ምሕረት ዝገበሩ ስድራቤት መዋቲ፡ ቃሎም ኣፍሰሱ። መርጌታ ኣብርሃለይ ኣብ ዘሰመዖ ናይ ምሕረት ቃል፡ "ምሕረት ዝገበር ካብ ፈጣሪ ምሕረት ይወሃቦ። ዝሓለፈት ህይወት ከኣ ክትምለስ ስለ ዘይትኽእል፡ ኣብ ክንዳኣ ስድራቤት መዋቲ ምሕረት ሂቦም፡ ካብ ፈጣሪ ምሕረት ክረኽቡ ኣኽኢሉዎም ኢሉ። ስለዚ፡ እዚ ዘጋጠመ ሞት ዘስዓበ ሓደጋ፡ ብኸፃዚ ምዕሩግን ረዚንን ኣገባብ፡ ብሰላም ምዝዛሙ፡ ንኹሉ ሰብ ዓቢ ትምህርትን ልቦናን ስለ ዝኾነ፡ ብኣምላኽነን ብባህልን ወትሩ ተዘኪሩ ዝነበር ቅዱስ ተግባር እዩ" ኢሎም።

ምሕረት ምግባር፡ እናተወራረሰ ዝመጸአ ክቡር ልምድናን ባህልናን እምነትን ህዝቢ ኤርትራ ምዃኑ ዝገለጹ፡ ኣኮኡ ንመዋቲ ኣቦይ መሓሪ በርሀ እልፉ ብወገኖም፡ "እቲ ዓይነት ሓደጋ፡ ካብ ካልእ ሓደጋታት ማኪና ፍልይ ዝበለ'ዩ። ፈጻሚ ሓደጋ ንባዕሉ ንሽክላ'ዩ ካብ ሞት ወጺኡ'ምበር፡ ንባዕሉ እንተ ዝመውት፡ ድርብ ክሰራ ምኾነ። ፈጻሚ ሓደጋ ምድሓኑ ግን፡ መኽሰብ ንኹሉ ቤተሰብ'ዩ። እንቋዕ ኣምላኽ ካብ'ቲ ሓደጋ ኣውጺኡ ኣቦ ደቁ ገበሮ። ሕጂ ከኣ ምሉእ ምሕረት ገይርናልኩም ኣለና፣ ንጸናስ መንግስተ ሰማይ፡ ንዘለና ድማ ጽንዓት ይሃበና ፈጣሪ" ክብሉ ተዛሪቦም።

ካብ ቤተሰብ መዋቲ ኣቶ ኤፍሬም ግደ ብወገኑ፡ እቲ ተገይሩ ዘሎ ዕርቀ-ምሕረት፡ ንሰናይ ልምድን ባህልን ሕብረተሰብ ኤርትራ ዘንጸባርቕን መለለዩ ኤርትራዊ ክብርን ብምዃኑ፡ ኑቲ ኣብ ብዙሕ ጉዳያትና ዘሰሓሕበና፡ ብኸፃዚ ዝበለ ወረጃ ኣገባብ፡ ብእሂን ምሂን ክንፈትሖን ብዕርቀ-ምሕረት ክንዛዝሞን ከም ዝግበኣና ኣዘኻኺሩ። ቀዳሞት ኣቦታትና፡ ኣይተሓንደ ብሓደጋ ማኪና፡ ብፍላጥ ናይ ቅትለት'ውን እንተ ኾነ "ጋርን ጓልን" እናበሉ ብዕርቅን ምሕረትን ይዛዘምዎ ምንባሮም ጠቒሱ ከኣ፡ እዚ ተገይሩ ዘሎ ምሕረት፡ ንኻልኦት መራሕቲ ተሽከርከርቲ ሕግታት ትራፊክ እናኸበሩ ዝያዳ ጥንቃቐታትን ሰብ ረዚን ልቦናን ክኾኑ ዝድርኽ ክኸውን ደኣ'ምበር፡ ብዝግበረሎም ምሕረት እናተተባብዑ፡ ብሸለልትነት ክጓዓዙ ከም ዘይግብኦ መልእኽቲ ንምትሕልላፍ ምኽንያት


መርጌታ ኣብርሃለይ


መንእሰይ ብርሃነ የናስ

ተሳቢዩ።

ንመዋቲ ኣደኡ ወ/ሮ ኔጪ በርሀ እልፉ፡ ሓደ ወደን ብምስኣነን፡ ኣርባዕተ ካልኦት ደቀንን ብዓል ቤተንን ወዲ ጓለንን ድማ ብሕማም ዝተፈለዩወን ዝሽማገለ'የን። ካብቶም ብሂወት ዝጸንሑ ሰለስተ ደቀን እቲ ሓዲ፡ ብሓደጋ ኣሰር ኣሕዋቱ ምሕላፉ ከኣ፡ ብኸቢድ ዘሕዘነን'ዩ። እንተ ኾነ ናይ የናስ ወደን ሞት፡ ናይ ፈጣሪን ናይ መዓልቲን ጉዳይ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ንፈጻሚ ሓደጋ ምሉእ ምሕረት ከም ዝገበራሉ ገለጻን።

ብዓልቲ ቤት መዋቲ ወ/ሮ ዑቕባ መሓሪ ንብረክርስቶስ፡ ወዲ መዋቲ መንእሰይ ብርሃነ የናስ፡ ሓው መዋቲ ኣቶ ፊልሞን ጺጋይ፡ ከምኡ'ውን ሰይቲ ሓዉ ንመዋቲ ወ/ሮ ኣስመረት ብተመሳሳሊ ኣገባብ፡ ፈጻሚ ሓደጋን ስድራቤቱን ካብ'ቲ ናይ ሓዘን ግዜ ከይተፈልዩ ኩሉ ክገብርዎ ዝኽእሉ ከም ዝገበሩ፡ ልዕሊ ዓቕሞም ከም ዝደኸሙን ከም ዝሓዘኑን ብምግላጽ፡ ንፈጻሚ ሓደጋ ምሉእ ምሕረት ከም ዝለቡ፡ ዕድመን ጥዕናን ከም ዝምነዩሉን ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ ፈጻሚ ሓደጋ ኣቶ ተስፋ ፍረዝጊ፡ ስለቲ ካብ ሂወቱ ዘይርስዖ ዝተገበረሉ ምሕረት'ዩ እዚ ዝሰዕብ ሓጺር ቃል ተዛሪቡ - "ምስ የናስ ዘጋጠመና ሃገር ከቢድ'ዩ። ሓቢርና እናዕለልናን ኣብ ዘዕረፍናሉ ቦታ ሻሂ እናሰተናን ብሕጉስ መንፈስ እናተጓዓዝና ከለና፡ ሃንደበት ከምዚ፡ ካብ ጎድነይ ምፍላዩ፡ መሪር ሓዘን እዩ'ምዩ። ሕጂ ከኣ ስድራቤቱ ኑቲ ዘጋጠመና ጉዳይ ብልቦና ተገዚቦም ብዕርቂ ዛዚሞም ምሕረት ስለ ዝገበሩለይ፡ ኣዝየ'የ ዘመስግን። ጻማኦም ካብ ፈጣሪ ይርከብዎ፣ ኣብ ጸቢቕም ከኣ የውዕለኒ" ክብል ምስጋንኡ ኣቕሪቡ።


ስድራቤት ፈጻሚ ሓደጋ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ኮንተ፡ ንዕድጊ ጋንታኡ ነቒፉ




ኣሰልጣኒ ናፖሊ - ኣንቶንዮ ኮንተ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ክረምቲ ዝዘጉበረ ዕድጊ ተጻወትቲ ክለቡ ጌጋ ምንባሩ ገሊጹ - ሰለስ ምሽት ብፒኤስቪ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ድሕሪ ምስዓሩ።

ናፖሊ፡ ብመገዲ ብዓል ወሰለታ ዝኾነ ስኮት ማክቶሚናይ ኣብ ማዕል 31 ደቒቕ ብዘመዝገቦታ ሸቶ መራሕነት ሒዛ ነይራ።

እንተኾነ፡ ዓዳሚት ሆላንዳዊት ክለብ ፒኤስቪ፡ ድሕሪኣ ሸቶ መትሓዚ ኣይሃበራን፡ ሸዱሽተ ሸቶታት ኣመዝጊባ 6ብ2 ተዓዊታ። ሞክቶሚናይ፡ ቀድሚ ወጽኢት ናብ ሸዱሽተ ምምፍሓሱ፡ ኣብ ማዕል 86 ደቒቕ ካልኣይቲ ሸቶ ብምቑጻር፡ ንጸወታ 4ብ2 ኣጸቢብዎ ነይሩ እዩ።

በዚ ወጽኢት ዝኾሶ ዓሰሚ ናይዛ ኢጣልያዊት ክለብ፡ ኣብዚ ክረምቲ ንዘተጉበረ ምምዛእ ተጻወትቲ እዩ 'ጌጋ' ነይሩ ኢሉዎ። ናይ ዓሚ ሻምፕዮን ሰሪኣ ዝነበረት ናፖሊ፡ ዝሓለፈ ክረምቲ ንኣክፋሊ ማን ሲቲ ዝነበረ ደ ብሩይነን ኣጥቃዓይ ማን ዩናይትድ ራስሙስ ሆይሉንድ ወሲኾ ትሽዓተ ተጻወትቲ ሸሚታ።

"ዓሚ ኩሉ ሰብ ብዓቢ ሕብረት ዝሰኣሎ ኣብ ዝነበረሉ፡ ተኣምር ብዝኾነ መገዲ ሻምፕዮን ኮይንና።" ዝበለ ኮንተ፡ "ሎሚ ዓመት ግን፡ ከም ናተይ ርእይቶ ትሽዓተ ተጻወትቲ ኣዘዮም ብዙሓት እየም። ሚዛናውያን ኣይኮኑን። እዛ ዓመት ከብድ ከምእትኸውን ኣቐዲመ ተዛሪበ እየ፣ ምስ ግዜ ክንንጽሮም ዘለና ነገራት ኣለዉ።" ኢሉ። ተሰፋ ከይቖረጸ፡ ዓሚ ዝነበረ ስምረት ዳግማይ ክፈጥርዎ ክፍትኑ ምኳኖም'ውን ማጠንቀቕታ ሓዘል መልእኽቲ ናብ ተጻወትቲ ሰዲዱ።

ኣብቲ ጸወታ፡ ዝያዳ ብማዕከናት ዜና ኢጣልያ ዝተወደሰ ቕልተኣን ሸቶታት ዘመዝገበ ማክቶሚናይ ነይሩ። ጋዜጣ ኮረረ ደሎ ስፖርት ከኣ፡ "ብርሃን ኣብ ጸልማት" ክትብል ወዲሰቶ። እዚ ስኮትላንዳዊ ኣከፋፋሊ፡ ዝሓለፈ ዓመት ካብ ማን ዩናይትድ ናብዛ ጋንታ ድሕሪ ምስጋጋር ዋንጫ ሰሪኣ ክትዓትር መሪሕ ተራ ምጽዋቱ ይዝከር። 'ብሉጽ ተጻዋታይ ሰሪኣ' ናብዚ ወቕቲ ድማ ተሰዪሙ።

## ፈርሚን፡ ታሪኽ ሰሪሑ




ተጻዋታይ ባርሴሎና - ፈርሚን ሎፐዝ ድሕሪ'ቲ ሰሉስ ምሸት ኣብ ልዕሊ ኦሎምፒያኮስ ሰለስተ ሸቶታት ምምዝጋቡ፡ "ድሕሪ 39 ዓመታት ንምልያ ባርሴሎና ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ሃትሪክ ዝሰርሐ ኣስጻኛ" ኮይኑ።

ፒቺ ኣሎንሶ ኣብ 1986 እዩ ብምልያ ናይ ሃገሩ ኣስጻኛ ክለቡ ኣብ ልዕሊ ሽወደናዊት ክለብ ኣይኤፍክዩ ጉተቦርግ ሃትሪክ ሰሪሑ ነይሩ። ንኣስታት ኣርባዕተ ዕቑድ ድማ ዝኾነ እስጳኛዊ ንባርሳ ዝተጻወተሉ ኣብዚ ውድድር ሃትሪክ ኣይሰርሐን ጸኒሑ። ብቐድሚ ትማሊ ግን፡ እዚ እናነፍፈለ ዘጥቅዕ ወዲ 22 ዓመት ትሰፋው ተጻዋታይ፡ ነዚ ታሪኽ መኽተምታ ገይሩሉ ኣሎ።

ብዘይካዚ፡ ፈርሚን ሳልሳይ ዝኣሰ እስጳኛዊ ኣብዚ ውድድር ሃትሪክ ዝሰርሐ ኮይኑ። ኣቐዲሞም፡ ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ዝነበረ - ራውል ጎንዛለዝ ኣብ 1995 ኣብ ማዕል 18 ዓመቱ፡ ተጻዋታይ ቫለንሺያ - ጀራርድ ሎፐዝ ኣብ 200 ወዲ 21 ዓመት እንከሎ፡ ብዘሰርሕዎ ኣብ መዝገብ ሰፊሮም ጸኒሖም።

ሓንቲ ካብ ሳልሲን ያማል፡ ክልተ ሸቶታት ከኣ ካብቲ ሕቡፎኣ ሜኦሚኦዎ ዘሎ ማርከስ ራሽፎርድ ዘመዝገበት ባርሴሎና፡ ብበሪሕ 6ብ1 እያ ተዓዊታ።

ካብ ዜና እዛ ጋንታ ከይወጻና፡ ኣብ መጉዳእቲ ዝጸንሐ ወኒ ተጻዋታይ ራፊንያ፡ ትማሊ ምስ ደቂ ጋንታኡ ልምምድ ኣካይዱ። ሰንበት ኣብቲ ዓቢ ቆላሕታ ዝወሰዶ ናይ 'ኤል ክላሲኮ' ጸወታ ኣንጻር ሪያል ማድሪድ ኣብርክቶ ክህልዎ ድማ ትጽቢት ይግበር።

## ፕረዚደንት ላ' ሊጋ፡ ብምስራዝ ግጥሚት ላ' ሊጋ . . .




ፕረዚደንት መድረኽ ኩዕሶ እግሪ ላ'ሊጋ ዝኾነ ጃቪር ተባስ ኣብ ኣመሪካ ክካየድ ተመዲቡ ዝነበረት ግጥም ባርሴሎናን ቪያሪያልን ብምስራዙ፡ "ዕድል ተኸሲሩ" ክብል ዘይሓጎሱ ገሊጹ።

ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ እስጳኛ፡ ዝሓለፈ ወርሒ ኑሓሱ ጸወታ ናይዞን ክለባት 20 ሕዳር ኣብ ኣመሪካ ከተማ ሚያሚ ክሰላሰል መደብ ኣጽዲቑ ነይሩ።

እንተኾነ፡ እዚ ውሳኔ ሰለስ ምሽት ከምዝተዘርዘ ተሓቢሩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ ቀዳም ሰንበት ኣብ ዝነበረ ናይ ሊግ ጸወታታት፡ ብርክት ዝበሉ ተጻወትቲ ናይቲ ሊግ ኣብ ቀዳሞት 15 ካልኢታት ደው ብምባል ተቓውሞኦም ድሕሪ ምግላጾም እዩ። ዓሰሚ ባርሴሎና ሃንሲ ፍሊክ፡ ሓለቓ ጋንታ ሪያል ማድሪድ ዲ ካርቫሃልን ገለ ካብኦም ኣንጻር እዚ ሓሳብ ዝተዛረቡ ነይሮም።

ብምስራዝ ናይዚ ጸወታ ዘይተሓጎሰ ተባስ ከኣ፡ "ኩዕሶ እግሪ እስጳኛ፡ ክምዕበል፡ መደባቱ ከስፋሕፍን መጻኢኡ ከይልድልን ዘኽእሎ ዕድል ከሲሩ" ኢሉ።

ንሱ፡ ሃገራዊ ሊግ ብሰንኪ ውሳኔ ኣመርሓደቲ ትካላት ዓመት ድሕሪ ዓመት ኣብ ሓደ ይወድቕ ምህላዉ ዝገልጽ እዚ ብዓል ማዚ፡ ላ'ሊጋ ግን፡ ንኩዕሶ እግሪ እስጳኛ ተውዳዳሪ ንምግባሩ፡ ስርሑ ከምዝቕጽል ኣፍሊጡ። ብተወሳኺ፡ ዝ ተዛረበ ዘሎ ካብ እስጳኛ ጸወታ ናይ ሊግ ጸወታ ናይ ምኪያድ ሓሳቦም፡ ዳግማይ ክፍትንዎ ምኳኖም ሓቢሩ።

ሓደ ካብኦም ዓበይቲ ናይ ኤውሮጳ ናይ ሊግ ጸወታታት፡ ንፈለማ ግዜ ኣብ ኣመሪካ ምትሰላሰል ነይሩ - እዚ ዝተሰረዘ መደብ እንተገጊሩ ነይሩ። ሱፐር ካፕ እስጳኛ (ናይ ዕወታት ዕውትቲ ውድድር) ግን፡ ኣብ ዝሓለፉ ሓሙሽተ ዓመታት እተን ኣርባዕተ ኣብ ስዑዲ ዓረብ ከምዝተካየደን ይዝከር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሰሪኣ ኢጣልያ'ውን ኣሰር ላ'ሊጋ ብምስዓብ፡ ንናይ ሊግ ግጥም ኤሲ ሚላንን ኮማን ኣብ ወርሒ ለካቲት ኣብ ኣውስትራልያ ከተማ ፐርዝ ክካየድ ወሲኑ እዩ።

## ኣላባ፡ ካብ ማድሪድ ክፋኖ እዩ




ተኸላኻሊ ሪያል ማድሪድ - ዳቪድ ኣላባ ኣብ ክረምቲ 2026 ውዕል ምስ ኣብቅዐ ብናጻ ካብዛ ጋንታ ክፋኖ እዩ።

ኣብ ክረምቲ 2021 ካብ ባየር ሙኒክ ናብዛ ጋንታ ብናጻ ዝተሰጋገረ - ኣላባ ብርክት ዝበሉ ግጥማት፡ ሰሪ ተደጋጋሚ መጉዳእቲ ከሲሩ እዩ። ኣብቲ ምሉእ ጥዕና ዝረኸበሉ ግዜ ግን፡ ካብ ወሳንቲ ተጻወትቲ ካብ ምዃን ኣይበኩርን እዩ። ትማሊ ጋዜጣ ኣብ ሕትመት እንከሎ'ውን ሰሪ ኢጋጠምዎ ዘሎ መጉዳእቲ ኣንጻር ጁቬንቱስ ዘይተጻወተ እዚ ኣስትራያዊ፡ ሰንበት ንባርሴሎና ዓዲሞም ኣብ ዘካይድዎ ናይ 'ኤል ክላሲኮ' ጸወታ ድማ ኣብርክቶ ከምዘይብሉ ተሓቢሩ።

በዚ ኮይኑ በቲ ማድሪድ፡ ነዚ ወዲ 33 ዓመት ተኸላኻሊ፡ ተወሳኺ ውዕል ክትህቦ ኣይደለየትን ዞኑ። በዚ ከኣ ውዕል 30 ሰነ ምስ ዛዘመ ውዕል ኣልቦ ክኸውን እዩ። ድሮ ወኪልቱ፡ ሓዳስ ጋንታ ንምርካብ ይሰርሑ ምህላዎም'ውን ይሕበር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሓደ ካብኦም ናይ መጻኢ ጸለውቲ ተጻወትቲ ናይዛ ጋንታ ክኸውን ትጽቢት ተነቢሩሉ ዝነበረ - ኢንድርክ ኣብ ወርሒ ጥሪ ብልቓሕ ናብ ካልእ ክለብ ክሰጋገር ከምዝተወሰነ ተሓቢሩ።

ዝሓለፈ ወቕቲ ካብ ፓልሜራስ ናብዛ ዓርሞሽሽ እስጳኛዊት ክለብ ዝተሰጋገረ ኢንድርክ ኣብቲ ወቕቲ ኣብ ትሕቲ መዘኑት ምስልጣን ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ዝሓሸ ናይ ምስላፍ ዕድል ረኺቡ ነይሩ።

ኣብዚ ወቕቲ ግን፡ ብመደብ ሓዲሽ ዓሰሚ ዣቪ ኣሎንሶ ካብ ጸወታ ወጻኢ ብምህላዉ፡ ዝኾነ ጸወታ ኣይተሰለፈን። እዚ ወዲ 19 ዓመት ብራዚላዊ፡ ንመውዳእታ ግዜ ማድሪድ ብኣንቸሎቲ እናተዓለመት እንከሎ ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ምስ ወከለ እዩ።

## ፍሊክን ፉየንተን፡ ብጉዳይ ያማል ኣብ ናይ ቃላት ኲናት ኣትዮም

ዓሰሚ ሃገራዊት ጋንታ ደቂ ተባዕትዮ እስጳኛ ዝኾነ ሉዊስ ደ ላ ፉየንተ፡ ደጊሙ ብጉዳይ ላሚን ያማል፡ ንዓሰሚ ባርሴሎና ሃንሲ ፍሊክ መሊሱሉ።

ያማል፡ ዝሓለፈ ወርሒ ማዕከረም ካብ ኢህጉራዊ ግጥማት ምስ መጉዳእቲ ናብ ክለቡ ድሕሪ ምምላሱ፡ "ምስ ቃንዛኡ እዩ ናብታ ሃገራዊት ጋንታ ከይዱ። ፈውሲ ቃንዛ ገይሮም ኣጻዊቶሞ። ብዛዕባ ጥዕና ተጻዋታይ ኣይተገደሱን።" ክብል ሕርቃኑ ገሊጹ ነይሩ - ፍሊክ።



ፉየንተ ከኣ፡ ብዛዕባ ነቐፌታ ፍሊክ ኣብ ዝተሓተተሉ፡ "ዝረብኡ ኣይተረድኣንን። ምኽንያቱ ንሱ'ውን ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እዩ ነይሩ። ኩሉ ሰብ ከኣ ብዝማበራቱ እዩ ዝኸውን። ኣነ'ውን ሓደ ሓደ ግዜ መርጋጺ ክለባት ኣይርድኣንን እዩ። ኩሎም ተጻወትቲ'ውን ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ክኾኑ እየም ዝደልዩ።" ክብል ክብል መሊሱሉ።

ፍሊክ፡ ቀድሚ ናብ ባርሳ ምምጽኡ፡ ንሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ዓሊሙዋ ነይሩ።

## ዚያች፡ ናብ ሃገሩ ኣቕኒዑ



ሞሮካዊ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ክለብ ቸልሲ - ሓኪም ዚያች፡ ናብ ናይ ሃገሩ ክለብ ዋይዳድ ካሳብላንካ ተሰጊሩ።

እዚ ወዲ 32 ዓመት ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ኣብ ጥሪ 2025 ካብ ጋላታሳራይ ናብ ቀጠራዊት ክለብ ኣል-ዱሃይሊ ተሰጊሩ።

ይኹን እምበር፡ ድሕሪ ኣርባዕተ ወርሒ ብናይ ሓባር ምርድዳእ ተፋንዩ፡ ናጻ እዩ ጸኒሑ። ትማሊ ወግዓዊ ብዝኾነ ሓበሬታ ከኣ፡ እዚ ኣብ ሆላንድ ዝተወልደ ሞሮካዊ፡ ናብ ሃገሩ ኣቕኒዑ ኣሎ። ናይ ሓደ ዓመት ውዕል'ውን ፈሪሙ ደርኩቡ።

### መደብ ጸወታ

**ሎሚ**

**ሊግ ኤውሮጳ**

ኣርቢ ሳልዝበርግ - ፈረንክቫሮስ 7:45 ድ.ቀ

ፈይርባች - ሽቱትጋርት 7:45 ድ.ቀ

ጎ ኣ ሀድ ኤግልስ - ኣስቶን ቪላ 7:45 ድ.ቀ

ኖቲንግሃም - ፖርቶ 10:00 ድ.ቀ

ሮማ - ቪክቶሪያ ፕለዘን 10:00 ድ.ቀ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኸለ

## ሩስያ፡ ልምምድ ኑክለሰያዊ ኣጽዋር ኣካዪዳ

ሩሲያ፡ ኑክለሰያዊ ኣጽዋር ዘጠቓለለ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ልምምድ ዝሓለፈ ረቡዕ ከም ዘካየደት ገሊጻ፡

እቲ ልምምድ፡ ክሳብ ኣመሪካ ክበጽሑ ዝኽእሉ ሰገረ- ኣህጉራዊ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ናይ ምውንጫፍ ልምምድ ዘጠቓለለ እዩ።

ኣብ ወሰኑ ህሞታት ኩናት ዩክሬን፡ ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ብዛዕባ ኑክለሰያዊ ሓይሊ ሩሲያ ኣመልኪቱ፡ ንዩክሬንን መሻርኽታ ምዕራባውያን ሃገራትን ከም መጠንቀቕታ ብተደጋጋሚ ማዘኻኸሪታት ክሰምዕ ከም ዝጸንሐ ይሕበር።

ክረምሊን ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ እቲ



ልምምድ፡ ደረጃ ድልውነትን ግብራዊ ክእለትን ሰራዊት ሩሲያ ንምፍታሽ ዝዓለመ ምንባሩ ኣረዲኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ናቶ) እውን ኣብ መጀመርታ ናይዚ ወርሒ ብቤልጅዩምን ሆላንድን ዝተኣንገደ ዓመታዊ ኑክለሰያዊ ልምምድ ከም ዝጀመረ ይፍለጥ።

## ቻይና፡ ንግዳዊ ፍልልያት ብዘተ ክፍታሕ ጻውዒት ኣቕሪባ

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ቻይና፡ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ምፍታሕ ንግዳዊ ፍልልያት መትከላት ዘተን ምምኽኻርን ክኽተል ኣተሓሳሰበ።

እቲ ሚኒስትሪ ዝኸ ዝገለጾ ኣፈኛ ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ጉኦ ጂኣኩን ንቁጠባውን ንግዳውን ዝምድና ቻይናን ሕብረት ኤውሮጳን ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ ስሩዕ ጋዜጣዊ መግለጺ እዩ።

እቲ ኣፈኛ፡ ቁጠባውን ንግዳውን ዝምድና ቻይናን ሕብረት ኤውሮጳን ብባህሪኡ ተመላላእን ንኽልቲኡ ዝጠቅምን ምዃኑ ገሊጹ።

ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዝካየድ ናጻ ንግዲ ክድግፍ፡ ካብ ኩለን ሃገራት ንዝመጻ ትካላት ንግዲ ድማ ፍትሓዊ፡ ግሉጽን ኣድልዎ ዘይብሉን ናይ ንግዲ ሃዋህው ክፈጥር ተስፋ ከም ዘለዎ'ውን ኣብሪሁ።

እቲ ኣፈኛ ወሲኹ፡ "ቻይናን ሕብረት ኤውሮጳን መትከላት ቁጠባን ሕግታት ውድብ ንግዲ ዓለምን ብምኽባር ንግዳዊ ፍልልያት ብዘተን ብምምኽኻርን ክፈትሓ ይግባእ" ክብል ኣረዲኡ።

ኣህጉራዊ ኩነታት ብኸመይ ይቕየር ብዘየገድስ፡ ምትሕብባር ማእከል ክልተኣዊ ቁጠባዊ ርክብ ክኸውን ከም ዘለዎ እያ ቻይና ትጽውዕ።




## ቻይና፡ ብጉዳይ ጥሕሰት ክሊ ኣየር ንኣውስትራልያ ትኸስስ

መንግስቲ ቻይና፡ ኣውስትራልያ ኣብ ክሊ ኣየር ሃገሩ ንዝፈጸመቶ ጥሕሰት ክትሽፍን ትፍትን ከም ዘላ ከሰሰ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ምክልኻል ቻይና ጂያንግ ቢን ዝሓለፈ ረቡዕ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ኣውስትራልያ ብዛዕባ'ቲ ዝፈጸመቶ ጥሕሰት ክሊ ኣየር ንምሽፋኑ እትገብሮ ዘላ ፈተነታት ኣመልኪታ ሃገሩ ናብ መንግስቲ ኣውስትራልያ ጥርዓን ከም ዘቕረበት ገሊጹ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ቻይና ኑቲ ክሲ ዘቕረበ፡ ሓንቲ ነፋሪት ውግእ ቻይና ኣብ ባሕሪ ደቡብ ቻይና ናይ ምክትታል ንጥፈታት ተካይድ ኣብ ልዕሊ ዝነበረት ናይ ውግእ ነፋሪት ኣውስትራልያ ተተኳሲ ጭራ ከም ዝፈነወት፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል ኣውስትራልያ ኣቕዲሙ ብምኽሳሱ እዩ።



ሚኒስትሪ ምክልኻል ቻይና፡ ኣውስትራልያ ኑቲ ወቐሳ ናብ ቻይና ተሰጋግሮ ከም ዘላ ብምግላጽ፡ ኣውስትራልያ ንጥፈታት ሓይሊ ባሕራን ኣየራን ክትገትእ ከምኡ'ውን ምስ ቻይና ዝለዋ ዝምድና ካብ ምጉዳእ ክትቁጠብ ጸዊዑ።

ኣውስትራልያ፡ ብመሰረት ኣህጉራዊ ሕጊ፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብቲ ዞባ ናይ ምክትታል ንጥፈታት ከም ዘካየደት እያ ትገልጽ።

ኣውስትራልያ ዝኢ ናይ መወዳእታ ክሲታት ዘቕረበት፡ ቻይና ኣብ ልዕሊ ናይ ጉጅለ ርእሳ ሰደድ ገደብ ድሕሪ ምግባሩ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣውስትራልያ ኣንቶኒ ኣልባኒዘ ዝሓለፈ ሰኑይ ምስ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ ዋይት ሃውስ ተራኺቦም፡ ሃገሩ ብርቂን ወሰንቲን ማዕድናት ንኣመሪካ ከተቕርብ ስምምዕ ድሕሪ ምኽታሙ እዩ።

## ሓ/ባሕሪ ፓኪስታን፡ ናይ ኣሰታት 1 ቢልዮን ዶላር ዕጹ-ፋርስ ተቖጻጺሩ

ከም ኣካል ናይ'ቲ ብሰዑዲ ዓረብ ዝምራሕ ወሀድ ሓይሊ ባሕሪ (ሲ.ኤም.ኤፍ) ኮይኑ ዝንቀሳቐስ ሓይሊ ባሕሪ ፓኪስታን፡ ብባሕሪ ዓረብ ኣብለን ካብ ዝጉዓዝ ዝነበራ መራኽብ ኣሰታት ሓደ ቢልዮን ዶላር ዝግመት ዕጹ ፋርስ ኣብ ቀጽጸር ከም ዘውዓለ ሓቢሩ።



ኑቲ ስርሒት ዘኪታተል መርከብ ሲ.ኤም.ኤፍ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ሓይሊ ባሕሪ ፓኪስታን ንልዕሊ 48 ሰዓታት ኣብ ዝወሰደ ክልተ ዝተፈላለየ ስርሒታት፡ ልዕሊ 972 ሚልዮን ዶላር ዝግመት ዕጹ ፋርስ ከም ዝሓዘ ገሊጹ።

ሲ.ኤም.ኤፍ፡ እተን መራኽብ ካበይ ከም ዝመጻ ተወሳኺ ዝርዝር ሓበሬታ ኣይሃበን። ብዘይካ'ዚ፡ ንዝኾነት ሃገር ዝውክል ምልክታት ከም ዘይተረኽበን ወሲኹ ኣፍሊጡ።

ሲ.ኤም.ኤፍ፡ 47 ሃገራት ዝሓቖፈ ሽርክነት ሓይሊ ባሕሪ ኮይኑ፡ ዘይሕጋዊ ምስግጋር ዕጹ ፋርስ ንምክልኻል፡ ንገለ ካብ'ቶም ኣገደስቲ መስመራት መራኽብ ዓለም ሓዊሱ ልዕሊ 3.2 ሚልዮን ትርብዒት ማይልስ ኣብ ዝሸፍን ማያዊ መስመራት ከም ዝሰርሕ ይሕበር።

## ኡጋንዳ - ብሓደጋ ግጭት ማካይን 46 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ኡጋንዳ ንርእሰ ከተማ ካምፓላን ሰሜናዊት ከተማ ጉሉን ኣብ ዘራኽብ ጽርግያ ብዘጋጠመ ሓደጋ ግጭት ኣውቶብሳት፡ ብውሑዱ 46 ሰባት ከም ዝሞቱ ፖሊስ ናይ'ታ ሃገር ኣፍሊጡ።

ኣቐዲሙ ፖሊስ ኡጋንዳ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ 63 ሰባት በቲ ሓደጋ ከም ዝሞቱ እኳ እንተ ሓበረ፡ ድሒሩ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ግና፡ ገለ ግዳያት ሃለዋቶም ኣጥፊኦም ስለ ዝተረኽቡ ተዋሂቡ ዝነበረ ኣሃዝ ግጉይ ምንባሩ ኣብሪሁ።

እቲ ሓደጋ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ፍርቂ ለይቲ ዘጋጠመ ኮይኑ፡ ካብ ጠበይ ኣንፈት ዝመጻ ክልተ ኣውቶብሳት ንሓንቲ ናይ ጽዕነት ማኪናን ንሓንቲ ናይ ገዛ ማኪናን ክሓልፋ ኣብ ዝፈተናሉ እዋን እዩ ተፈጢሩ።

ፖሊስ ኡጋንዳ ብማሕበራዊ መራኸቢ 'ኤክስ' ኣብሉ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ክልተኣን ኣውቶብሳት ክመሓላለፋ ከለዋ ከም እተራጸማ ብምሕባር፡ ኩሎም እቶም ግዳያት ኣብ'ተን ሓደጋ ዘጋጠመን ተሽከርከርቲ ተሳፊሮም ዝነበሩ ምዃኖም ኣረዲኡ።

ፖሊስ ወሲኹ፡ ኩሎም መራሕቲ ማካይን ኣብ ጽርግያታት ዝለዓለ ጥንቃቐ ክገብሩ፡ ብፍላይ ድማ ካብ ሓደገኛን ጥንቃቐ ዝጎደሎን ምትሕልላፍ ተሽከርከርቲ ክቑጠቡ ኣተሓሳሰበ።

ጽርግያ ካምፓላ-ጉሉ፡ ንርእሰ ከተማ ናይ'ታ ሃገር ምስ'ታ ኣብ ሰሜናዊ ኡጋንዳ እተርክብ ዝዓበየት ከተማ ዘራኽብ ብምዃኑ፡ ሓደ ካብ'ቶም ጸዑቕ ምንቅስቓስ ተሽከርከርቲ ዘርእዩ ጽርግያታት እዩ።

ኣብ ኡጋንዳ ኣብ 2024 ብዘሓለ ብሓደጋ ግጭት ማካይን ናይ ዝሞቱ ሰባት 5,144 ምንባሩ፡ ትራፊካዊ ጸብጻብ ፖሊስ የመልክት።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ኢምፔሮ | 23/10/2025 | ጎደና ሓርነት ቁ.158፡ ፊት ሲነማ ኢምፔሮ | 121480 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services